# Renting in Seattle

# ናይ ተካረይቲ መፅሓፍ ሓበሬታ



ጥሪ 2024

Seattle Department of Construction & Inspections

# ድምጽኹም

## ንምሃብ ምምዝጋብ ኣይትረስዑ!

# ድምጽኻ ኣገዳሲ እዩ!

www.kingcounty.gov/depts/elections

## ናብ ገዛኹም እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም!

**ናብ ሓድሽ ገዛ ክትቅይሩ እንከለኹም ክትገብርዎም ዝግብኡ ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። ናይ ኣድማጺ ምዝገባኹም ምሕዳስ ሓድ ካብ ክትዝክርዎም ዘለውኹም ኣገደስቲ ዕማማት እዩ።**




## ድሮ ተመዝጊብኩም ዲኹም?

**ኣድራሻኹም እዋናዊ ክትገብርዎ ዘኽእልኹም 5 ቀለልቲ መንገድታት እዚኦም እዮም፡-**

- ናይ ሕጂ እዋን ናይ Washington State ፍቓድ መምርሒ ማኪና ወይ ከኣ ናይ ክፍለሃገር ካርድ መለለዪ መንነት እትተልኩም፡ ናብ ኦንላይን ኪዱ!
- ነቲ ምስዚ ናይ ተኻራዪ መጽሓፍ-ሓበሬታ ተጠቓሊሉ ዘሎ ናይ ክራይ ፎርም ብፖስታ ስደድዎ።
- ብኢመይል elections@kingcounty.gov ጽሓፉ ኣብኡ ስምኩም፡ ዕለት ልደትኩም፡ ናይ ቀደም መንበሪኹምን ናይ ፖስታ ኣድራሻኹምን፡ ከምኡ'ውን ሓድሽ መንበሪኹምን ናይ ፖስታ ኣድራሻኹምን ጽሓፉ።
- ናብ 206-296-VOTE (8683) ድውሉ። ኣገልግሎታት ብ120 ቋንቋታት ተዳልዮም ኣለዉ።
- ብኣካል ናብቲ ኣብ ረንተን ዝርከብ ዋና ቤት ጽሕፈት King Coutny Election ወይ ኣብ ሲያትል ናብ ዝርከብ Voter Registration Annex ምኻድ።



**ወይ ኣብ ሲያትል ናብ ዝርከብ መተሓሓዚ ምዝገባ መራጽቲ ምኻድ። ቀይር ኣድራሻኻ እንተውሓደ 29 መዓልታት ቅድሚ መዓልቲ ምርጫ። መዓልታት  ቅድሚ መዓልቲ ምርጫ። ንዓውደ- ኣዋርሕ (ካላንደር) ናይ ኣድመጽቲ ርኢኹም ኣረጋግጽዎ።**



## ክትምዝገቡ ትደልዩ?

**ኣብ ምርጫ ንኽትሳተፉ ክትምዝገቡሎም እትኽእሉ 3 መገድታት ኣለዉ፡-**

- ናይ ሕጂ እዋን ናይ Washington State መምርሒ ፍቓድ ወይ ናይ ስተይት መንነት ወረቐት እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ ናብ ቀጥታ መስመር ኢንተርነት ኪዱ!
- ነቲ ኣብ'ዚ  ናይ ተኻረይቲ ዝተጠቓለለ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ልኣኽዎ። (ማእከል መውጽኢ ተመልከቱ)
- ብኣካል ናብ ዋና ቤት ጽሕፈት King County Election ኣብ Renton ወይ ኣብ ሲያትል ናብ ዝርከብ Voter Registration Annex ኪድ።

# እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!



## ናይ ተኻራይ መጽሓፍ ሓበሬታ እንታይ እዩ?

ናብ Renting in Seattle (ኣብ Seattle ንምክራይ) እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም፡፡ ናይ መጀመርታ ስምምዕ ክራይ ክትፈርም ከለኻ፣ ኣካራዪኻ እዚ ናይ ተኻራያይ መምርሒ መጽሓፍ ዝተሓትመ ቅዳሕ ክህበካ ይግደድ፡፡ ኤሌክትሮኒካዊ ቅዳሓት እንተወሓደ ኣብ ምሕዳስ ክራይ፣ ንወርሒ ወርሒ ዝካረዩ ተኻረይቲ ድማ ዓመታዊ ከምኡ ድማ እታ ከተማ እዋናዊ ዝተሓደሰ ሕታም ኣብ እትዝርግሓሉ እዋን ይፍቀዱ እዮም፡፡

ናይ ተኻራያይ መምርሒ መጽሓፍ ናይ ክልቲኡ ማለት ናይ ተኻራይ መሰላትን ግዴታን ሓፈሻዊ መግለጺ ትህበካ፣ ከምኡ ድማ ኣብ Seattle ናይ ምክራይ ተሞኩሮኹም ብሓበሬታ ዝተሰነየ ንምግባር፣ ምኽርታትን ሓገዝቲ ምንጭታትን ዝሓዘት እያ፡፡ ነዛ መጽሓፍ'ዚኣ መወከሲ መታን ክትኮነካ ኣብ ቀረባ ቦታ ኣቐምጣ፡፡

ኣብዚ መርበብ ሓበሬታና www.seattle.gov/rentinginseattle ተወከሱ፣ ናይ ክራይ-ዑደት ሕግታትን ፍትሓዊ ሕግታት ኣባይትን፣ ንኽልቲኦም ወገናት ማለት ተኻረይትን ኣቕረብቲ ኣባይትን የቕርብ፣ ብፍሉይ ንነፍሲ ወከፍ ተዓዛቢ፡፡

ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ መምርሒ ኣብ ዘድልየኩም እዋን ናብ መስመር ናይ ሓገዝ (206) 684-5700 ካብ ሰኑይ – ዓርቢ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ደውሉ፡፡ ብቴሌፎን ዝግበር ትርጉም ኣሎ፡፡

ሲያትል ንሓባራዊነትን ፍትሓውነትን ዋጋ እትህብ ተቐባሊት ከተማ እያ፡፡ ኩነታት ጉዳይ ስደተኛነት ብዘየገድስ፣ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ከተማ ሲያትል ንነበርቲ ብዛዕባ ዜግነትን ካልእ ጉዳያትን ኣይሓቱን እዮም፡፡

ኣብ መወዳእታ እዛ መምርሒ መጽሓፍ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ዘይኮነትስ ንምርዳእ ክትሕግዝ ዝዓለመት እያ፡፡
ናይታ ከተማ ናይ ክራይ ኣባይቲ ሕግታት፡፡

ርሑስ ገዛ ክራይ!

**3ይ ሕታም**

Seattle Department of Construction & Inspections

# ሰሌዳ ትሕዝቶ




| | |
|---|---|
| **ገዛ ምርካብ** | 6 |
| ምዝገባ ናይ ክራይ | 8 |
| ዝተሓተ መዘኒታት | 9 |
| ፍትሓዊ ተበጻሕነት ኣባይቲ | 11 |
| ዝተሓለዉ ክፍልታት | 13 |
| **ንኽካረዩ ድሉዋት ዝኾኑ** | 14 |
| ምምርማር ተኻረይቲ | 14 |
| First In Time መመልከቲ | 16 |
| መጠን እቶት ምስ ክራይ | 17 |
| ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት | 18 |
| **ምግዓዝ ናብ** | 21 |
| ዝርዝር ናይ ምግዓዝ | 21 |
| ውዕል ክራይ | 22 |
| ናይ ምግዓዝ ዋጋ | 23 |
| ናይ ጥቕሚ ኣገልግሎት ሕሳብ | 26 |
| **ክትካረ ከለኻ** | 30 |
| ናይ ኣካራዪ/ተኻራያይ ግዴታታት | 32 |
| ኣብ ክፍልኻ ምሳኻ ዝነብሩ መሓዙት ምውሳኽ | 34 |
| ናይ ዋና ገዛ ምልክታታት | 36 |
| ናይ ክራይ ሓገዝ ሓለፋታት | 43 |
| **ካብ ትነብረሉ ገዛ ለቒቕካ ምውጻእ** | 44 |
| ፍትሓዊ ምኽንያት ናይ ካብ ገዛ ክራይ መልቀቒ ትእዛዝ | 46 |
| ካብ ገዛ ኽራይ ናይ ምልቃቕ መከላኸሊ | 49 |
| ዘይሕጋዊ መሕየሪ | 50 |
| ንውሕስነት ዝተዓቀበ ገንዘብ | 51 |
| **ናይ መወዳእታ ሓሳባት** | 52 |
| **ጸጋታት ተኻረይቲ** | 54 |
| **Index** | 55 |
| **መተሓሳሰቢ** | 58 |

# ገዛ ምርካብ

ንዓኻ ዝከዉን ትክክለኛ ገዛ ምርካብ ትክክለኛ ሳይነስ ስለዘይኮነ ሰባት ብብዙሓት ዝተፈላለዩ መንገድታት እዮም ገዛ ዝረክቡ። ብዙሓት ዝርዝራት ብናጻ ኣብ መስመር ኢንተርነት ይርከቡ እዮም። ሳሕቲ ግዜ፡ ምዝዋር ብመኪና ወይ ብእግሪ ናብ ከባቢኻ ዝርከቡ መንበሪታት ምኻድ ውጺኢት ክህብ ይኽእል እዩ፡ እዚ ከኣ ናይ ክራይ ምልክታት ስለዝልጠፉ እዩ። ናይ ኣብ መስመር ኢንተርነት ገንዘብ ዝሓቱ ወይ ናይ ኢንተርነት ምትሕልላፋት መደናገርቲ ተጠንቀቐሎም። ገዛ ቅድሚ ምርኣይኩም ክራይ ክትከፍሉ ፈጺምኩም ኣይትሰማምዑ። እንተድኣ ሓደ ስምምዕ ሓቀኛ ኮይኑ እንተዘይተራእይኩም፡ ምናልባት ክኸውን ይኽእል እዩ። ትጥርጥርዎም ናይ ክራይ ምድንጋራት ናብ Federal Trade Commission (ናይ ፈደራል ናይ ንግዲ ኮሚስዮን) ኣብ **www.consumer.ftc.gov** ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ተመጣታኒ መንበሪ ገዛ ብዙሓት ዝተፈላልዩ ነገራት ከምልክት ይክእል እዩ። ብሓፈሻ፣ ኣብ ናይ ክራይ ከባቢታት ምርኩስ ብምግባር፣ ቐጻሊ ዘይኮነ፣ ምውብዛሕቲኡ ግዜገዛ እዩ ምስ ናይ ኣታዊኹም ደረጃ ዝተኣሳሰረ እዩ። ናይ ሓደሓደ ትሑት ኣታዊ ገዛ ብፈደራል እዩ ዝምወል ከምኡድማ/ወይ ብናይ ዘይመኽሰባዊ ትካላት እዮም ዝቀርቡ። Office of Housing (ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ) ከተማ ዝርዝር ናይ ርትዓዊ ዋጋ ዘለዎም ኣሃዱታት ኣባይቲ ይሕሉ፣ ዝርዝር ኣብ **www.seattle.gov/housing/renters/find-housing** ድለዩ።

ብዙሕ ግዜ ናይ ተመጣጠንቲ ገዛውቲ ኣማራጺታት ዝርዝራት ኣለዉ። Seattle Housing Authority (SHA፡ ናይ Seattle በዓል መዚ ኣባይቲ) ንክልቲኡ ማለት ንናይ ትሑት ኣታዊ ገዛን ከምኡ'ውን ናይ ክራይ ናይ ምወላ መደብ 'Housing Choice Vouchers' (ናይ ገዛ ምርጫ ቅብሊታት) ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣለዎ። ብዛዕባ SHA ዝበለፀ ኣብ **www.seattlehousing.org** ክትረኽቡ ትኽእሉ፣ ወይ ኣብ ዳውንታውን ሲያትል ንዝርከብ ቤት ጽሕፈቶም ብ 190 Queen Anne Avenue North ክትበጽሑ ትኽእሉ። ኮምፒተር ናይ ምርካብ ዕድል እንድሕር ዘይብልኩም ናይቶም ተመጣጠንቲ መንበሪ ገዛ መቕረብቲ ዝርዝር ንምርካብ ናብቲ ናይ ማሕበረሰብ መስመር ሓበሬታ ብ 2-1-1 ብምድዋል ብቴሌፎን ምሕታት ትክእሉ እኹም።





# ናይ ክራይ ምዝገባ

ካብ 2014 ጀሚሩ፣ ናይ Seattle *Rental Registration Inspection Ordinance(* RRIO, ናይ ክራይ ምዝገባ መርመራ ትእዛዝ) ኩሎም ዝካረዩ ንብረታት ኣብታ ከተማ ክምዝገቡ ይጠልብ። ገለ ፍሉያት ነገራት እቲ ጠለብ ዘይምልከቶም ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፣ ብኣካራዪ ዝተታሕዙ ክፍልታት፣ ብበዓል መዚ ኣባይቲ Seattle ዝውነን መኽዘን ኣባይቲ ወይ ፍቓድ ዘለዎም መሳለጥያታት ንኣብነት ደገፍ ዘለዎም መንበሪ ገዛውቲ። ካብቲ ጠለብ ነጻ ዝኾኑ ካልኦት ብኣካርዪ ዝተታሓዙ ናይ ዝካረዩ ገዛ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለዉ።

ኣካረይቲ ገዛ ዘካርይዎ ክፍሊ ኣብቲ ናይ ምዝገባ ዝርዝር ዝተገልጸ መሰረታዊ ናይ መንበሪ መምዘኒታት ከምዘማልእ ባዕሎም ከረጋግጹ ይግደዱ። ጥዕናን ድሕንነትን ንምኽባር ቀዳምነት ይወሃብ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ 5-10 ዓመት መርመራታት ምግባር ኣድላዪ ኮይኑ፣ ብናይ ከተማ መርማሪ ወይ በታ ከተማ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ብሕታዊ መርማሪ ኣባይቲ ክዛዘም ይኽእል። ምዝገባ ምሕዳስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት ኣድላዪ እዩ።

ኣድራሻ ናይ ክራይ ኣሃዱ ኣብ **www.seattle.gov/rrio** ብምድላይ ተመዝጊቡ እንተኾይኑ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም። ዘይምምዝጋብ መቕጻዕቲ ከስዕብ ይኽእል'ዩ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ኣካራዪ ናይ ተኻረይቲ ናይ ምልቃቕ ምልክታታት ናይ ምቕራብ ዓቕሙ ጽልዋ ከሕድረሉ ይኽእል።

## ብዋና ዝተታሕዘ ካብቲ ጠለባት ነጻ ዝኾኑ



ብሓፈሻ፣ ምስ ተኻረይቲ ገዝኦም ዝካፈሉ ወነንቲ ገዛ ወይ ኣብ ሓደ ንብረት ገዛ ዝሓዙ ኣካረይቲ ከም adu/dadu (ዝተተሓሓዙ/ዝተነጸጸሉ ተወሳኺ መንበሪ ክፍልታት) ካብ ገለ ሕግታት ናይ ክራይን ፍትሓዊ ሕግታት ኣባይትን ነጻ እዮም።

ዝተወሰኑ ኩነታት ንገለ ካብዞም ሕድገታት ክጸልዉ ይኽእሉ ንኣብነት ናይ ንብረት ምሕደራ ኩባንያ ምጥቃም ወይ ንመምዘኒታት ኣባይቲ ከም ዝጥሓስካ ምልክታ ምስ ዝህወካ።

ብሓበሬታ ዝተሰነየ ውሳነ ንምውሳን ፍልልያቱ ኣስተውዕል። እቲ ኣገዳሲ ነገር ክትፈልጦ ዘለካ፣ ባዕሎም ወነንቲ ገዛ ዝሰፈርዎ ኣካረይቲ ገዛውቲ ንወርሓዊ ዝካረዩ ተኻረይቲ ኣብ ውሽጢ 20 መዓልታት ኣቐዲሞም ምልክታ ብምሃብ ከቋርጹዎም ወይ ምሕዳስ ውዕል ክራይ ንኸየቕርቡ ምኽንያታት ጥራይ ኣለዎም።

ንዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ ሕድገታት ሕግታት ተመልከት
ነቲ ንብረት ዝውንንዎን ኣብኡ እውን ዝነብሩን ኣካረይቲ፤


- ፍትሓዊ ኣባይቲ - ገጽ። 11- 12, 17-18
- ቀዳማይ ብግዜ – ገጽ 16
- ናይ ምግዓዝ ዋጋታት– ገጽ። 24-25
- ኣብ ክፍልኻ ምሳኣኻ ዝነብሩ መሓዙት ምውሳኽ – ገጽ። 34-35
- ፍትሓዊ ምኽንያት - ገጽ። 46-48
- ካብ ገዛ ኽራይ ናይ ምልቃቕ መከላኸሊ – ገጽ። 49

# ዝተሓቱ መምዘኒታት

ብዘይካ ናትኩም ውልቃዊ ምርጫታት ኣብ'ቲ ገዛኹም ክኸውን ዝኽእል እንታይ ክትርእዩ ትደልዩ። Seattle ኣብ Building Maintenance Code(ሕጊ ጽገና ኣባይት)ን ህንጻን ናይ ከተማ ንዝካረዩ ኣባይቲ ዝተሓተ ውሕስነትን መምዘኒታት ጽገናን ኣለዋ። እዚ ዝስዕብ ከኣ መሰረታዊ መግለጺ ናይ'ቶም መለኪዒታት እዩ።

## ቦታን መቐመጥን

እዚ ምድብ ንዝተሓተ መጠን ናይ ኣባይቲ ክፍልታት ይሸፍንን ከምኡድማ ናይ መደቀሲ ክፍልታት ዓቐን የጠቓልል። ብተወሳኺ ናይ ብርሃንን ንፋስን ፡ ከም መሳኹቲ፡ ቨንቲለተር ከምኡውን ጽሬት ግዴታ ይሸፍን። ንኣብነት፡ መደቀሲ ክፍሊ እንተውሓደ 70 ትርቢዒት ጫማ ምስ ተውሳኺ 50 ትርብዒት ጫማ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ምስ ዝያዳ ክልተ ክኸውን ኣለዎ።

## ቅርጻዊ

ከም መሰረት፣ መውጽኢ ትኪ፣ መናድቕን ናሕስን ዝኣመሰሉ ባእታታት ናይ ግድን ጽኑዓትን ድልዱላትን ክኾኑ ኣለዎም። እቲ ህንጻ ድማ ንክሊማ ዘየሕልፍ፡ ካብ ራህዲ ናጻ፡ ካብ ባልዕ ነጻ ከምኡ ድማ ብጽቡቕ ጽገና ዝተዓረየ ክኸውን የድሊ።

## መካኒካዊ ወይ ምንቅስቓስ

ኩሎም ክፍልታት ገዛ ቀዋሚ ዝተተኽለ ናይ መውዓዪ ምንጪ ክህልዎም ኣለዎ (ናይ መሞቒ ቦታ ጥራይ እኹል ኣይኮነን)። ኤለክትሪካዊ መሳርሒ፡ እንከላይ ገመድን መሳርሒታትን ብጉቡእ ክትከሉን ከምኡድማ ብውሑስ ክዕቀቡን ኣለዎም። እቲ ገዛ ብውሑስ ክበርህ ኣለዎ ከምኡ ድማ እኹል ኤለክትሪካዊ መከፋፈሊታት ክህልዎ ኣለዎ።



## ሓውን ድሕንነትን

ኣስካላታት ውሑሳት ኮይኖም ክህነጹ ኣለዎም ከምኡ ድማ ግቡእ ናይ ኢድ መደገፊ ክህልዎም ኣለዎ። ናይ ትክን ካርቦን ሞኖክሳይድን መከታተሊ የድሊ እዩ። ናይ ደገ ማዕጾ ወይ ብጉቡእ ዝተመጠነ መስኮት ንናይ ህጹጹ እዋን ወይ ናይ ኢመርጀንሲ መውጽኢ (ተቐልቓሊ መውጽኢ ዝብሃል) ኣብ ኩሎም ንመደቀሲ ዘገልግሉ ክፍልታት የድሊ። ንዓበይቲ ናይ ብዙሕ ክፍሊ ህንጻታት ብዙሓት ተወሰኽቲ ጠለባት ኣለው።

## ጸጥታ

ናይ መእተዊ ማዕጾታት ናይ ቡለን መፋትሕ ክህልዎም ኣለዎ ከምኡ ድማ ናይ መርኣዪ ኖ኷ል ወይ መስኮት ክህልዎም ኣለዎ እዚ ድማ ኣብ'ቲ ማዕጾ መን ኣሎ ንምርኣይ ንምኽኣል እዩ። ናይ ተኻራያይ ለውጢ ክህሉ ከሎ፡ መፋትሕ ክልወጡ ይግባእ። ንነበርቲን ንብረቶምን ካብ ገበናዊ ተግባራት ንምክልኻል ህንጻታት ኣዝዮም ውሑሳት ክኾኑ ይግባእ።



### ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ!

ካልኦት ሓፈሻዊ ናይ ድሕነት ነገራት ንዝኣረጉ ህንጻታትን ገዛታትን ተኽእሎ ሓደጋ ናይ እርሳስ ሕብሪ ምቕላጥን ኣስበስቶስን ስለዝኾኑ እዚ ከኣ ፈርከሽ ክብሉ ከለው (ኣይትሓዙን እንታይ ደኣ ይፈራኽሹ) ንምርኣይ። ሓደ ክፍሊ ከም ናይ መሰረት ክፍልታት ትሕተ ባይታ መደቀሲ ክፍልታት እንተሃልይዎ፣ ንመውጽኢ ዝኣክል ዓበይቲ/ትሑት መስኮት ወይ ናይ ደገ ማዕጾ ኣሎ ዶ? እንተዘየለ፡ ናይ ድሕነት ደረጃታት ብዘይምምልኦም እዞም ክፍልታት ክውዓውዑ ከምኡ ድማ ከም መደቀሲ ክፍልታት ከገልግሉ የብሎምን።



# ፍትሓዊ ተበጻሕነት ኣባይቲ

ናይ Seattle ርትዓዊ ሕግታት ኣባይቲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ማዕረ ዕድል ተበጻሕነት መንበሪ ቤት ክህልዎ እዩ ተሃንዲሱ። ቅድሚ ውዕል ክራይ ክትፍርም ምውሳንካ እውን እንተኾነ ካብ ኣድልዎ ክትድሕን ብዙሕ መከላኸሊታት ኣለካ። ካብዚኦም ምንጪ እቶት፤ ገበናዊ ታሪኽ፣ ምግላል መወዓውዒ/መምርሒ ናይ ክኾኑ ዝኽእሉ ተኻረይቲ ከምኡ እውን መሰል ስንክልና ንርትዓዊ መንበሪ/ምምሕያሽ።

ሓደ ኣዳላዊ ገዛ ብመደብ ወይ ብካልእ ንገለ ተኻረይቲ ካብን ናብን ናይ ዝካረ ሊስታ ከዘዋውሮም ዘይሕጋዊ እዩ። 'ንህዱኣት ሰብ ሓዳር እዩ ዝግባእ' ዝብል ሊስታ ንኣብነት ኣብ ናይ ወለዲ ደረጃ ንዘለው ኣመልከትቲ መሰረት ጌሩ ዝግልል ብሙኚኑ ናይ ኣድልዎ ተኽእሎ ኣለዎ።

ኣካረይቲ ገዛ ንኽካረ ከፋልጡ ከለው ንጹር ሓበሬታ ከማልእሉ ኣለዎም። እቲ ምፍላጥ/ምዉዕዋዕ ከምዚ ዝስዕብ ክከዉን ኣለዎ፡-

- ንመጻረዪ ዝውዕሉ መምዘኒታትን ኣብ መስርሕ መመልከቲ ንቕድሚት ንምስጓም ዝሕግዝ ዝተሓተ መምዘንን የጠቓልል።
- ኩሉ እቲ ኣካራዪ ኣብ ምጽራይ ዝጥቀመሉ ሓበሬታን ሰነዳትን ግለጽ።
- ንኸም ትርጉም ወይ ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ርትዓዊ መንበሪ ቤት ምትእንጋድ ዝኣመሰሉ ነገራት መመልከቲ ንምምላእ ከመይ ጌርካ ተወሳኺ ግዜ ክትሓትት ከም እትኽእል ዝገልጽ ሓበሬታ ኣቕርብ።

## ሓለዋታት ምንጪ ኣታዊ

Seattle ካብ ስራሕ ዘይኮነ፣ ካብ ካልእ ምንጪ ኣታዊ ዘለዎም ተኻረይቲ ትከላኸል። ኣታዊኹም ካብ ማሕበራዊ ውሕስነት፣ ቀለብ ቆልዓ፣ ጥሮታ፡ ስንክልና ወዘተ ስለዝመጸ ወይ ኣብ ከም Housing Choice Voucher(ናይ ኣባይቲ ምርጫ ቫውቸር) ዝበለ ክራይ ናይ ድጎማ ፕሮግራም ትምርኮሱ ስለዘለኹም፡ ወሃብቲ ገዛ ናይ ክራይ ክፍሊ ክኸልእኹም ኣይክእሉን እዮም ወይ ፍልይ ብዝበለ ክርእይኹም ኣይክእሉን። ኣካራይኹም እንተድኣ ናይ ክራይ ምስ ኣታዊ ናይ ምጣኔ ግዴታ ኣለዎ ኮይኑ፡ ንሳቶም ቅድሚ ቅመራ ምግባሮም ንስኹም ትረኽብዎ ዝኾነ ድጎማ ከጉድልዎ ይግባእ። ተመልከት ኣብ ገጽ። 17 ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ምንጽጻር ኣታዊ ምስ ክራይ።

## Fair Chance Housing

ናይ ሲያትል *Fair Chance Housing Ordinance (ርትዓዊ ዕድል መንበሪ ገዛ ድንጋገ)* ገበናዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ዝካረ ገዛ ንምትሓዝ ኣብ ዝፍትንሉ ግዜ ዘጋጥሞም ኣድልዎን ዕንቅፋታትን ንምፍታሕ ሓለዋታት ይህብ እዩ።

ምውዕዋዕ ናይ ዝካረ ገዛ ንናይ ገበን ታሪኽ ንዘለዎም ኣመልከቲ ሰባት ኣይክልክሎምን እዩ።

ኣባፅሕ ኣመልከትቲ ብኣንጻር ናይ ጾታ በደል መዝገብ ክምመዩ ይኽእሉ። ሓደ ኣካራይ ንሓደ ኣመልካቲ ኣብ’ቲ ምዝገባ ዘይብቑዕ ክገብሮ ዝኽእል ዝስዕብ እንተድኣ ጥራይ ኮይኑ እዩ፡

1. እቲ በደል ከም በፅሒ እንተድኣ ተፈጺሙ።

2. ሕጋዊ ናይ ንግዲ ምኽንያት እንተሃልዩ። ንኽርአ ምትእስሳር መድለየ ኣብ መንጎ ፖሊሲ/ኣሰራርሓን ውሕስነት ነበርቲ/ንብረት።

እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብ’ቶም ንኣካራይ ኣብ ግምት ዘእትዎም ዝሕብርዎ ሮቛሒታት እዮም፡



- ዓይነትን ክብደትን ናይቲ በደል
- ብዝሕን ዓይነታትን ናይ’ቶም ዝተፈርዱ ገበናት
- ዕድመ ኣብ እዋን ፍርዲ ናይ’ቲ ገበን
- መርትዖ ጽቡቕ ታሪኽ ተኻራይ
- ግዜ ካብ ዕለተ ፍርዲ ናይ’ቲ ገበን
- ተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብቲ ዝነብሩሉ ንብረት ከም ዝተተሓሓዘ ኣፓርታማ ወይ ናይ ድሕሪት ክፍልታት ዘካርዩ ወነንቲ ገዛ ካብዚ ናይ ምጽራይ ገደባት ነጻ እዮም። ተመልከት ኣብ ገጽ። 8

እንተድኣ ምስ ናይ (Fair Chance housing laws) ርትዓዊ ዕድል ሕግታት ኣባይቲ ዘይቃዶ ናይ ዝካረ ገዛ ምውዕዋዕ ሪኢኹም፡ ከተመልክቱ ናብ ናይ ሓገዝ መስመር ኣብ (206) 684-5700 ክትድውሉ ትኽእሉ።



# ዝተሓለዉ ክፍልታት

ናይ Seattle ሕግታት Fair Housing ኲሉ ሰብ ማዕረ ተበጻሕነት ኣባይቲ ንኽረክብ ዝተዳለወ ኮይኑ ኣብ ዝተሓለወ ደርብታት ዝተመስረተ እዩ።

- ዓሌት
- ሕብሪ
- መቦቆል
- ጾታ
- ስንክልና
- እምነት
- ሃይማኖት
- ዕድመ
- ሕነ ምፍዳይ
- ኣማራጺ ምንጭታት ናይ ኣታዊ
- ሃገራዊ መቦቆል
- ዓሌታዊ ፍልልይ
- ኲነታት መርዓ
- ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ
- ናይ ወለዲ ኲነታት
- ጾታዊ ዝንባለ
- ናይ ጾታ መንነት
- ናይ ኣገልግሎት እንስሳ ምጥቃም
- ናይ ኣባይቲ ናይ ምርጫ ቅብሊት ወይ ካልእ ናይ ድጎማ ፕሮግራማት ምጥቃም
- ወተሃደራዊ ኲነታት ወይ ነባር ወተሃደር
- ገበናዊ ታሪኽ
- ዜግነትን ኲነታት ስደትን
- ውጽኢት ጥንሲ



# ንኽካረዩ ድሉዋት ዝኾኑ

ምክራይ ብፍላይ ድማ ነቶም ቀንዲ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም ገዛውቲ፣ ተወዳዳሪ ንግዲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣቐዲምካ ምድላው ብርግጽ ክሕግዝ ይኽእል።

- ናይ ለቓሕ ነጥብኹም ከምኡ ድማ ዝኾነ ኣብ ናይ ምመያ ጸብጻብ ክርኣዩ ዝኽእሉ ዝተዓቑሩ ጉዳያት ፍለጥዎ። ነቲ ሓበሬታ ብናትኩም መመልከቲ ጌርኩም ከተማሓድርዎ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡድማ ንመመልከቲኹም ንምድጋፍ ነቲ ኩነታት ክትገልጽዎ ትኽእሉ። ናይ ለቓሕ ጸብጻብኩም ኣብ **www.annualcreditreport.com ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።**
- ቅድሚ መመልከቲ ምእታውኩም መሰላትኩም ፍለጥዎም።
- ንመመልከቲኹም ዝኸውን ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኣዳልዉ፡
    - ናይ ሕጂን ናይ ቅድምን ኣድራሻ እንተላይ ናይ ዋና ገዛ ሓበሬታ
    - ስምን ዕለተ ልደትን ናይ ኩሎም ተቐማጦ
    - ናይ ስራሕን ናይ ኣታውን መረጋገጺ
    - ናይ ተሽከርካሪት ሓበሬታ
    - መወከሲ፣ክልቲኡ ውልቃውን ምስ ናይ ገዛ ዝዛመድን
    - ናይ ገዛ እንስሳ ሓበሬታ

## ምምርማር ተኻረይቲ

ኣዳለውቲ ገዛ ንናትኩም መመልከቲ ንምማይን ነቲ መምዘኒ ከነጽሩን ከምኡ'ውን ንናትኩም መመልከቲ ናብ ምኽላእ ዘእተወ ምኽንያታት ኣቐዲሞም ከነጽሩ ይግባእ። ቅዳሕ ናይ ምምማይ ጸብጻብ ይግብኣኩም እዩ።

ልክዕ ዋጋ ናይ መመልከቲ ምመያ ጥራይ ኢኹም ትኸፍሉ። ኣብ Seattle ልሙድ ዋጋ ንሓደ እኹል ሰብ ብገምጋም $25-$45 ኢዩ።

መመልከቲኹም እንተድኣ ተነጺጉ፡ እቲ ኣዳላዊ ገዛ ነቲ ምኽንያት ዝገልጽ ናይ ጽሑፍ ስምዕታ ክህበኩም ይግባእ እዩ። እዚ ናይ 'ሃሳዪ ስጉምቲ' ስምዕታ ይብሃልን ከምኡ ድማ ብክልቲኡ ብናይ ከተማን ናይ ክፍለሃገርን ሕጊን ይጥለብ።



## ቅሙጥ ገንዘብ ምሓዝ

ክፍሊ ክትካረዩ ከተመልክቱ ከለኹም፡ ኣዳላዊ ገዛ ናትኩም መመልከቲ እናመመየ ነቲ ገዛ ክሕዘልኩም ትሕጃ ከኽፍለኩም ክደሊ ይኽእል እዩ።

ሓደ ኣካራዪ ክኽፍሎ ዝኽእል ዝለዓለ ዝተሓዝ ተቐማጢ ገንዘብ 25% ካብ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ እዩ። ነቲ ስምምዕ ዝገልጽ ቅብሊት የድሊ እዩ።

ሓደ ክፍሊ እንተተቐሪቡልካን ከምዘይትደልዮ እንተ ወሲንካን፣ ነቲ ትሕጃ ኮይኑ ዝነበረ ገንዘብ ክትስእኖ ትኽእል ኢኻ። እንተዳኣ እቲ መመልከቲ ዘይተዓዊቱ ወይ እቲ ክፍሊ ናይ ገዛ መርመራ እንተዘይሓሊፉ እዚ ከኣ ምስ ናይ ምክራይ ድጎማ ዝተሓሓዝ እቲ ትሕጃ ኩሉ ተመላሲ እዩ።

ነቲ ክፍሊ ንምክራይ ስምምዕ እንተፈሪምካ፣ እቲ ናይ ትሕጃ ኮይኑ ዝተቐመጠ ገንዘብ ኣብ ናይ ቀዳማይ ወርሒ ክራይ ወይ ናይ ምግዓዝ ወጻኢታት (ናይ ውሕስነት ተቐማጢ ገንዘብን ናይ እንስሳ ዘቤት ተቐማጢ ገንዘብን) ክውዕል ኣለዎ።





# First-in-Time Application (ንመጀመርታ ግዜ ዝኣተወ መመልከቲ)

*First-in-Time Ordinance (መጀመርታ ዝመጸ ትእዛዝ)* ኣካረይቲ ነቲ ናይ መጀመርታ ምሉእ መመልከቻ ዘእተወ ብቑዕ ኣመልካቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ክህብዎ ይጠልብ። ኣዳለውቲ ገዛ ናይ ገዛ ድጎማ ብምጥቃም እዚ ከኣ ከም ዝድለ ዘሎ ናይ ወረቐት ስራሕ ወዘተ ብምፍጻም ምስ'ቶም ኣመልከትቲ ብምልኣት ክተሓጋገዙ ኣለዎም።

ኣካራይቲ ገዛ ነዞም ዝስዕቡ ከማልእዎ ኣለዎ፡-

- ከምቲ ዝተቐበልዎ መስርዕ ንመመልከቻታት ዕለትን ማሕተምን ክገብርሎም ይግባእ
- ንመመልከቻታት ብቐደም ተኸተል ሓደ ብሓደ ክመምዮም ኣለዎ
- ንኣመልከቲ ኣብ ካልእ ዝተወደአ መመልከቲ እንተውሓደ 72 ሰዓታት ናይ ተወሳኺ ሓበሬታ ሃብ
- ንዝቐረበ ናይ ክራይ ስምምዕ መልሲ ንምርካብ 48 ሰዓታት ሃብ ድሕሪኡ እቲ ኣካራዪ ነቲ ዝቕጽል ኣብ መስመር ዘሎ ኣመልካቲ ምጽራይ ክቕጽል ይኽእል።



# ኣታዊ ምስ Rent Ratio

ዋና ገዛ ኣታዊኻ ካብ ስራሕ ወጻኢ ምንጪ ወይ ካብ ካልእ ምንጪ ስለ ዝመጽእ መንበሪ ገዛ ክኽልኣካ ኣይክእልን እዩ። እንተድኣ ኣካል ናይ'ቲ ናይ ብቕዓት ግዴታ፡ ክራይ ምስ ናይ ኣታዊ ምጣኔ ኮይኑ፡ ከምኡ ድማ ናትኩም ኣታዊ ካብ ካልኦት ምንጪታት ወይ ድጎማታት ኮይኑ፡ ናትኩም ኣካራይ ኣብ ምስራሕ ቅማሬ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክኽተል ኣለዎ፡

## 1ይ ስጉምቲ

ኩሎም ዝተረጋገፁ ናይ ኣታዊ ምንጪታት ብምድማር ናይቲ ተከራዪ ጠቅላላ ወርሓዊ ኣታዊ ይፍለጡ።

**ወርሓዊ ኣታዊ**

ማሕበራዊ ውሕስነት፦ $400

ናይ ጡረተኛ ወታደር ናይ ሓደ ግዜ ክፍሊት፦$300

ድጋፍ ቆልዓ፦ $200

**ናይ ተካራዪ ጠቅላላ ኣታዊ፦ $900**

## 2ይ ስጉምቲ

ኩሎም ዝተረጋገፁ ናይ ኣታዊ ምንጪታት ክፋል ናይ ገዛ ክራይ ብ ኩሉ ኣጉዲልካ ክረጋገጽ ዝኽእል ድጎማታት ዝተረኽበ ካብ ናይ ወርሓዊ ክራይ እዩ።

**ክራይ፦ $1200**

ናይ ጡረተኛ ወታደር ናይ ድጋፍ ድጎማ፦ $1000

**ናይ ተኻራይ ናይ ክራይ እጃም፦ $200**

## ስጉሚ 3

ቐመር ዝድለ ኣታዊ ብ ምርባሕ ተኻራያይ ክፋል ናይ ክራይ ብናትካ ተመጣጣኒ። ምውሳን ብቕዓታት ብ ምጉዳል ተኻራያይ ጠቕላላ እቶት ካብ እቲ ዝድለ ናይ ተካራዪ ኣታዊ ኣታዊ

**ብ 3: 1 ምጣነ እቲ ዝድለ ናይ ተካራዪ ኣታዊ $600 እዩ።**

ናይ ጡረተኛ ወታደር ናይ ድጋፍ ድጎማ፦ $1000

**ተከራዪ ናይ 3:1 ኣታዊ መስፈሪታት ግዴታ የማልእ እዩ።**



# ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት

ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት ኣብ Seattle ብሰፊሑ እዮም ዝግለፁ ንስሚዒታዊ ድገፍ፡ ምሕዝነት፡ ናይ ሕክምና እንስሳታትን ካልኦትን ድማ የጠቓልል። ፍትሓዊ ናይ ገዛ ሕግታት ርትዓዊ መንበሪታት ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት ይጠልብ።

- ኣቕራቢ መንበሪ ገዛ ምስ ናይ ስንክልና ዝተሓሓዝ ናይ ኣገልግሎት እንስሳ ጠለብ መረጋገጺ ካብ ከም ኣቕራቢቢ ሕክምና ወይ ዝኾነ ነቲ ርክብ ከረጋገጽ ብቑዕ ዝኾነ ሰብ ዝበለ ብቑዕ ሳልሳይ ወገን መረጋገፂ ክሓትት ይኽእል።
- ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት ከም ናይ ገዛ እንስሳታት ኣይኮኑን ዝቑጸሩ ከምኡ ድማ ካብ ናይ ክራይ ክፍልታት ክኽልከሉ ኣይክእሉን። 'እንስሳ ገዛ ኣይፍቀድን' ዝብል ፖሊሲታት ንናይ ኣገልግሎት እንስሳታት ኣይምልከትን እዩ።
- ናይ ኣገልግሎት እንስሳ ስልጠና ወይ ወረቐት ምስክር ኣየድልን እዩ።
- ናይ ገዛ ኣዳላዊ ትሕጃ፡ ክፍሊት ወይ ተወሳኺ ክራይ ናይ ኣገልግሎት እንስሳ ከኽፍል ኣይክእልን።
- ንኣካይዳ ናይ ኣገልግሎት እንስሳኻን ኣብ ልዕሊ ዝተኻረኻዮ ክፍኻን ንብረትካን ዘስዕቦ ዝኾነ ይኹን ጉድኣትን ተሓታቲ ኢኻ።



## ተኣታውነት

ናይ ገዛ ተኣታውነት ንስንክልና ዘለዎም ተኻረይቲ ርእሶም ኪኢሎም ክነብሩ የኽእል። መትሓዚ፡ መደየቢ፡ ተወሳኺ ጎኒ ንዓረብያታት፡ ዝተወሰነ መዐሸጊታት ገለ ኣብነታት እዮም። ስንክልና እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ ርትዓዊ መንበሪ ወይ ምምሕያሽ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

መንበሪ ማለት ለውጢ ኣብ ሕግታት፡ ፖሊሲታት፡ ተግባራት ወይ ኣገልግሎታት ኮይኑ ንዓኹም ዝካረ ክፍሊ ንክትጥቀሙን ክትሕጎሱን ማዕረ ዕድላት የፍቅድ። ኣብነት ናይ ርትዓዊ መንበሪ ከኣ ኣብ ናይ መዐሸጊ ፖሊሲ ፍሉይነት ምግባር እዩ፡ ስለዚ ዓረብያ ዝጥቀም ሰብ ናብ ገዝኦም ዝቐረበ ቦታ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ርትዓዊ ምምሕያሽ ነቲ ናይ ክራይ ገዛ ተበፃሒ ንምግባር ዘኽእል ኣድላዪ ኣካላዊ ለውጢ ንምግባር የክእለኩም። እቲ ኣካራይ ናይ ፈደራል ምወላ እንተዘይረኺቡ ንስኹም ርትዓዊ ንዝኾነ ምምሕያሽ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ኣለኩም። ኣብነት ናይ ርትዓዊ ዝኾነ ምምሕያሽ ንዓባይ ናይ ስንኩላን ዓረብያ ንምእንጋድ መሕጸቢ ነብሲ መሕለፊ ማዕጾ ፍቓድ ናይ ምስፋሕ ምሕታት እዩ።

ሕቶታት እንተድኣ ሃልይኩም ወይ ጥርዓን ክተቅርቡ እንተደሊኹም፣ ንናይ ሓገዝ መስመር ብ (206) 684-5700 ተወከሱ።





# ምግዓዝ ናብ ገዛ

ምግዓዝ ገዛ ግዜ ዝወስድን ወትሩ ድማ ዓቕሊ ዘጽብብን እዩ። ነገራት ቀለልቲ መሲሎም ዕሸሽ ክብሃሉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ'ዚ ደረጃ ክትጥንቀቑን ነቲ ዝርዝር ድማ ከተቃልብሉን ኣገዳሲ እዩ፡ እዚ ከኣ ንብሙሉኡ ቃና ናይ ክራይ እዋን ስለዘዋድዶ እዩ።

## ናይ መእተዊ መቆጻጸሪ ዝርዝር

እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋል ናትኩም ናይ ክራይ ስምምዕ እዩ፡ ምኽንያቱ እዚ ምስ ናይ ውሕስነት ትሕጃ ስለዝተኣሳሰር።

- ህሉው ኩነታት ሓድሽ ገዛኻ ብዝርዝር ክገልጽ ይግባእ።
- ፍልልያት ብቀጥታ ምስ ኣካራይኹም ክዝተየሎም ኣለዎ፣ ስለዚ ከኣ ንስኻ ቅድሚ ምእታውካ ዝነበረ ዕንወት ተሓተትቲ ኣይኮካን።
- ንስኹምን ኣካራይኹምን ክትፍርሙሉን ዕለት ክትገብርሉን ይግባእ። ኣካራይኹም ቅዳሕ ክህበኩም ኣለዎ።
- እዚ መቆጻጸሪ ዝርዝር፣ ክትወጹ ከለኹም ነቲ ገዛ ዕንወት ኣውሪድኩሙሉ እንተድኣ ኮንኩም ንምውሳን ኣካራይኹም ክጥቀመሎም እዩ።

ብዘይ ዝተፈረመን ዕለት ዘለዎን ናይ መእተዊ መቆፃፀሪ ዝርዝር ሊስታ ናይ ዉሕስና ትሕጃ ምዉሳድ ዘይሕጋዊ እዩ።



# ናይ ክራይ ስምምዕ



እንቋዕ ሓጎሰካ! ነቲ ክራይ ገዛ ዝገበርካዮ መመልከቲኻ ዕዉት ኮይኑ ሕጂ ድማ ናይ ክራይ ውዕል ክትፍርም ግዜኡ'ዩ። ቅድሚ ምፍራምካ ብዕምቆት ረኣዮ። ሕጋዊ ቀያዲ ውዕል ምዃኑ ዘክሩ።

- ኣብ ልዕሊ ክራይ ካልእ ንስኹም ሓላፍነት ትስከሙሉ ካልኦት ወጻኢታት፣ ንኣብነት፣ ናይ ጥቕሚ ኣገልግሎታት ከምኡ ድማ እዚኣቶም ከመይ እዮም ዝኽፈሉን ኣቕልቡሉ ኢኹም።
- ነቶም ፖሊሲታት ናይ ኣጋይሽ፣ እንስሳ ዘቤት፣ መዕሸጊ መኪና ወዘተ ከምዝተረዳእኩምዎ ንምርግጋጽ ነቶም ሕግታት ብጥንቃቐ ርኣይዎም።
- ብፍላይ እንግሊዝ ቀዳማይ ቋንቋኹም እንተዘይኮይኑ፣ ናይ ክራይ ስምምዕ ኣብ ምርዳእ ኣድላዪ እንተድኣኮይኑ ሓገዝ ርኸቡ።

እቲ ናይ መጀምርያ ናይ ክራይ ስምምዕ ኣብ እትፍርምሉ እዋን እቲ ናይ ተካረይቲ ናይ ሓበሬታ መፅሓፍ (ፕሪንት ዝተገበረ ቅዳሕ) ክወሃበኩም ኣለዎ። ንቐፃሊ ናይ ክራይ ስምምዓት ኤሌክትሮኒካዊ ቅዳሓት ይፍቀድ እዩ፤ እቲ መምርሒ መጽሓፍ ኣብ ዝመሓየሸሉ እዋን፣ ወይ ዓመታዊ ወርሒ ተኻረይቲ።



# ዓይነታት ስምምዓት ናይ ክራይ



ኩሎም ኣብ Seattle ዝግበሩ ውዕላት ክራይ ብ *Just Cause Eviction Ordinance (ሕግታት ርትዓዊ ምኽንያት ትእዛዝ ምልቃቕ ካብ ገዛ ክራይ)* ዝምራሕ እዩ። እዚ ማለት ሓደ ኣካራዪ ወርሓዊ ውዕል ክራይ ንምምቁራጽ ወይ ድማ ግዜኡ ዝሓለፈ ውዕል ክራይ ንኸየሐድስ ሕጋዊ ምኽንያት ወይ 'ቅቡል ምኽንያት' ክህልዎ ኣለዎ። እቲ ዝድለ ናይ ስምዕታ ግዜ ኣብ'ቲ ርትዓዊ ምክንያት ይሙርኮስ። እቶም ኣካራይ ክህቦም ዘለዎም ምኽንያታትን እቲ ዝድለ ስምዕታን ኣብ'ዚ ገጽ 46

## ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ

ከምዚ ዓይነት ስምምዕ ወርሓዊ ይሕደስ። ነቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ዝተሓተ ብናይ 20 መዓልታት ናይ ጽሑፍ ስምዕታ ቅድሚ ምውዳእ እቲ ወርሓዊ ናይ ክራይ እዋን ከተቋርጽዎ ትኽእሉ። ንኣብነት፡ እንተድኣ ኣብ ለካቲት ክትወጹ ደሊኹም፡ ኣካራይኹም ናትኩም ናይ ጽሑፍ ስምዕታ ድሕሪ ለካቲት 8 ክቕበሎ የብሉን። ንናይ'ዚ ኣሰራርዓ ተለዋዋጥነት ተድንቕዎ ትኾኑ ግን ከኣ ንስምምዕ ናይ ክራይ ውዕልኩም እንኮላይ መጠን ናይ ክራይ ኣስተብህሉሉ ምኽንያቱ ግቡእ ስምዕታ ብምሃብ ኣብ እዋን ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ስምምዕ ክልወጥ ይኽእል እዩ።

## ዉሱን ስምምዕ ክራይ

እዙይ ዓይነት ስምምዕ ክራይ ንዝተወሰነ ግዜ እዩ። ብናይ ሓባር ስምምዕ ማለት ናትኩምን ናይ ኣካራይኹምን እንተዘይተለዊጡ እቲ ግዜ ነቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ግዜ ዝኣክል ይፀንሕ። ንዘይምቅራብ ምክንያት እንተሃልይዎ ጥራሕ እምበር እቲ መካረዪ ናይ ሐዚ ስምምዕ ክራይ ቅድሚ ምዉድኡ ዉዕል ንምሕዳስ ካብ 60-90 መዓልትታት ክህበኩም ኣለዎ። ምክንያት ጥራሕ ኣብ ገፅ 46

## ናይ ፈለማ ዉሱን ናይ ክራይ ስምምዕ ናብ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ወድያዉን ምቅያር

እዙይ ዝከዉን እቲ ክራይ ከም ዉሱን ናይ ክራይ ስምምዕ ኮይኑ ጀሚሩ ኣብ መወዳእታ ብባዕሉ ናብ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ዉዕል እንትቅየር እዩ። እቲ ናይ ፈለማ ስምምዕ ድሕሪ ምዝዛሙ ንስኹም ናይ ምጽናሕ መሰል ኣለኩም፡ እዚ ግን እቲ ኣካራይ ነቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ንምቁራጽ ርትዓዊ ምክንያት እንተዘይብሉ እዩ።

## ናይ ክራይ ስምምዕ የለን?

ናብ ናይ ክራይ ገዛ ብዘይ ናይ ጽሑፍ ስምምዕ ምእታው ፈጺሙ ጽቡቕ ኣይኮነን። ንባዕልኩም ኣብ'ዚ ኩነታት እንተድኣ ረኺብኩምዎ፡ ንስኹም ብናይ ቃል ውዕል ከም ናይ ወርሒ ንወርሒ ተኻራይ ኢኹም ትቑጸሩን ከምኡ ድማ ናይ ተኻራይ መሰላት ኣለኩም። እንተኾነ ግን፡ ትርጉም ናይ ተኻራይ ብናይ ክራይ ስምምዕ ናይ ክራይ ገዛ ዝሓዘ ሓደ ሰብ እዩ። ዋላ'ኳ ናይ ቃል ውዕላት ዘይሕጋውያን እንተዘይኾኑ፡ ግጭት እንተድኣ ተላዒሉ ግን ብዘይ ናይ ጽሑፍ ስምምዕ፡ ተኻራይ ምኳንኩም ንምርግጋጽ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ።

# ናይ ምግዓዝ ዋጋ

ኣብ Seattle፣ ንስኹም ትኸፍልዎ ናይ መእተዊ ዋጋታት ጥብቁ ደረታት ኣለዉ።
ናይ መእተዊ ዋጋታት ንናይ ውሕስነት ትሕጃ፣ ክፍሊታትን ናይ እንስሳ ገዛ ትሕጃን ይሽፍኑ።

- ናይ ውሕስነት ትሕጃ ቅሙጥ ገንዘብን ክፍሊታትን ተደሚሮም ማዕረ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ ክኾኑ ኣይክእሉን።
- ክፍሊታት ንምጽራይ ጥራይ እዮም ዝኽፈሉ (እዚ ከኣ ክትካረዩ ክትሓቱ ከለኹም ዝግበር ናይ ድሕረባይታ ምርግጋጽ) ከምኡ`ውን/ወይ ንጽሬት
- እንተደኣ ኣብ ምጅማር ናይቲ ስምምዕ ናይ ጽሬት ክፍሊት ተኸፊሉ፣ ንስኹም እንደገና ካብቲ ገዛ ለቒቕኩም ክትወጽኡ ከለኹም ናይ ጽሬት ክትከፍሉ ኣይትኽእሉን።
- ጠቕላላ ክፍሊት ካብ 10% ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ ኣይሓልፍን
- ክንደይ እንስሳ ዘቤት ኣለዉኻ ብዘየገድስ፣ እቲ ዝልዓለ ንስኹም ትኸፍልዎ ናይ እንስሳ ዘቤት ትሕጃ 25% ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ እዩ

**ኣብነታት፡**

Tracy ናይ ሓደ ሰብ ስድራ ምስ ከልቢ እያ። ክራይ ናይ'ታ ንሳ እትኣትዋ ዘላ ክፍሊ ድማ ንወርሒ $1200 እዩ።



ናይ Tracy ኣካራይ ከኽፍሎ ዝኽእል፡
- $45 ናይ ምምማይ ክፍሊት
- $75 መጽረዪ ክፍሊት
- $1080 ናይ ውሕስነት ትሕጃ
- $300 ናይ እንስሳ ገዛ ትሕጃ

ናይ Tracy ጠቕላላ ናይ መእተዊ ዋጋታት እንተልዓለ ክሳብ ማዕረ ናይ $1,500 ይበጽሕ።

Hamid ከምኡ'ውን Fatima ምስ ክልተ ደቆም ናይ ኣርባዕተ ሰብ ስድራ እዮም። ክራይ ድማ $2,200 ንወርሒ እዩ።



ኣካራይኦም ድማ ከኽፍሎ ዝኽእል፡
- $90 ($45 x 2) ምምማይ ክፍሊት
- $130 መጽረዪ ክፍሊት
- $1980 ናይ ውሕስነት ትሕጃ

ናይታ ስድራ ጠቕላላ ናይ መእተዊ ዋጋታት እንተልዓለ ክሳብ ማዕረ ናይ $2,200 ይበጽሕ።

## ዝጸንሕ ክፍሊታት

ናብ ሓድሽ ቦታ ንምግዓዝ ብተለምዶ ናይ ሰለስተ ወርሒ ክራይ ገዛ ክትከፍል ከቢድ ክኸውን ይኽእል። ኣብ Seattle ንስኹም ናይ መእተዊ ዋጋታት (ትሕጃን ክፍሊታትን)፡ ናይ መወዳእታ ወርሒ ክራይን ናይ እንስሳ ገዛ ትሕጃን ጸኒሕኩም ናይ ምኽፋል መሰል ኣለኩም።

ንስኹም ጸኒሕኩም ምኽፋል ብምጥቃምኩም ኣካራይ ንዓኹም ምክራይ ክኣቢ ኣይክእልን። ኣብ ልዕሊ ናይ ወርሓዊ ክራይ፡ ዝጸንሐ ክፍሊታት ኣብ ሰዓቱ ክክፈል ኣለዎ ወይ ንስኹም ኣብ ሓደጋ ናይ 14 መዓልቲ ናይ መኽፈሊ ወይ መውጽኢ ስምዕታ ክውሃበኩም ይኽእል ሙኳኑ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ሰሌዳ ግዜ ናይ ዝጸንሕ ክፍሊታት ኣብ ንውሓት ናይ ክራይኩም እዩ ዝምርኮስ።

### Deposits & Fees

- 30 መዓልታት - ናይ ሹድሽተ ወርሒ ክራይ = ኣርባዕተ ማዕረ ተኸታተልቲ ዝጸንሕ ክፍሊት ናይ ማዕረ ግዜ።
- ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ = ክልተ ማዕረ ዝጸንሕ ክፍሊት
- እንተድኣ እቲ ጠቕላላ ካብ 25% ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ ዘይዛይዱ፡ ንትሕጃ/ ክፍሊት ዝጸንሕ ክፍሊት የሎን
- ናይ እንስሳ ገዛ ትሕጃ = ሰለስተ ማዕረ ዝጸንሕ ክፍሊታት




### Last Month's Rent

- ሹዱሽተ - ወርሒ + ክራይ = ሹድሽተ ማዕረ፡ ተኸታተልቲ፡ ወርሓዊ ዝጸንሕ ክፍሊታት
- 60 መዓልታት - ናይ ሹዱሽተ ወርሒ ክራይ = ኣርባዕተ ማዕረ ክፍሊታት ናይ ማዕረ ግዜ
- ዝኾነ ክፍሊታት፡ መቕጻዕትታት፡ ወለድን ንዝጸንሑ ክፍሊታት ኣይግበርን እዩ።
- ከም'ቲ ኣብ ስምምዕ ዝጸንሐ ክፍሊታት ብብግዜኡ ከይተኸፍለ ምስ ዝተርፍ ምጥሓስ ናይ ክራይ ስምምዕ እዩ ከምኡ ድማ ንስኹም ናይ 14 መዓልቲ ናይ ምኽፋል ወይ ለቒቕካ ምውጻእ ምልክታ ክትቅበሉ ትኽእሉ ኢኹም
- ካልእ ኣማራጺ ድማ ንስኹምን ኣካራይኹምን ብስምምዕ ናይ መኽፈሊ ሰሌዳ ግዜ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብጽሑፍ ተቐበሉ።



# ናይ ተጠቃምነት ሕሳባት



## Seattle City Light

Seattle City Light (SCL፡ ናይ Seattle ናይ ከተማ መብራህቲ) ንናይ ኤለክትሪክ ሕሳባት ሓላፍነት ዘለዎ ናይ ከተማ ክፍሊ እዩ። ብስምኩም ሕሳብ ክትከፍቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንስኹም ክትወጹ ከለኹም ንSCL ናይ ምሕባር ሓላፍነት ኣለኩም። ኣብ ግዚኡ ክፍሊትኩም ንኣቕረብቲ ኣገልግሎት ጥቕሚ ወይ ንኣካራይ ከይከፈልኩም ምስትተርፉ እዚ ናብ ናይ ኣገልግሎት ምቁራጽ ምልክታ ወይ ድማ ናይ **14 መዓልቲ ምልክታ ንክትከፍሉ ወይ ለቒቕኩም ክትወጹ ብኣካራይኹም** *ወይ ካብ'ቲ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ከመጽእ ይኽእል እዩ።*

**ምኽሪ:-**
SCL ንብቑዓት ዓማዊል ዝኸውን ናይ ቅናሽ መደባትን ናይ ክፍሊት ሓገዝን እውን ኣለዎ። ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም **www.seattle.gov/light/assistance/** ተወከሱ ወይ ድማ ብ (206) 684-3000 ደውሉ።



## Seattle Public Utilities

Seattle Public Utilities (SPU፡ ናይ Seattle ህዝባዊ ተጠቃምነታት ማይ፣ መብራህቲ፣ ጎሓፍን ሕሳባትን ሓላፍነት ዘለዎ ክፍሊ ናይ ከተማ እዩ። ካብ 2011፡ ሓደስቲ ተኻረይቲ ብስሞም ሕሳባት ክኸፍቱ ኣይክእሉን እዮም። እቲ ኣካራይ ነቲ ጠቕላላ ሕሳብ ሓላፍነት ይወስድ። እንተድኣ ኣብ ናይ ክራይ ስምምዕ ሰፊሩ ኮይኑ፡ ንስኹም ንዋጋ ናይ ተጠቃምነት ክፍሊታት ንምኽፋል ሓላፍነት ትወስዱ። እንተድኣ እቲ ኣካራይ ቀጥታ ኣኽፊልኩም፡ ንስኹም ቅዳሕ ናይ'ቲ ሓቀኛ ክፍሊት ክትውሃቡ ኣለኩም። ኣብ ግዜኹም ነቲ ክፍሊት ምኽፋል እንተድኣዘይክኢልኩም እዚ ሳዕቤን ናይ ምዕጻው ስምዕታን ወይ *ናይ 14 መዓልቲ ናይ ምኽፋል ወይ ናይ ምውጻእ ስምዕታ* ብኣካራይኹም ከምጽእ ይኽእል ምኽንያቱ መሳሪሒታት ከም ክራይ ገዛ እዮም ከም ንናይ ምውጻእ ዕላማ ዝሕሰቡ።

**ምኽሪ:-**
ብዘይካ ናይ ሽቃቅ ወረቐት ካልእ ኣይትድፍኡ። ዘይቲ ምግባር፡ ጸጉሪን ዓበይቲ ነገራትን ምእታው ኣወግዱ። ናይ ቧንቧ ምዕጻው ንምጽጋን ክቡር ኮይኑ፣ ንስኻ ወይ ኣብ ገዛኻ ዘሎ ሰብ ካብ ናይ ሽቓቕ ወረቐት ወጻኢ ካልእ ነገር እንተፈሲስካ ድማ ዋና ገዛኻ ምሉእ ወጻኢታት ክኽፍለካ ይኽእል። ኣብ ፍርያት 'ብማይ ተጸሪጎም ክኸዱ ዝኽእሉ' መንጽሂ ወዘተ ዝብል ናይ ዕዳጋ መዋዕውዒታት ኣይትእመን።

**ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ!**
SPU ንብቑዓት ዓማዊል ኣብ ናይ ጥቕሚ ኣገልግሎት ቅናሽን ናይ ክፍሊት ሓገዝን ዝሕግዙ መደባት ኣለዎ። ናብ **www.seattle.gov/utilities** ይብፅሑ ወይ ናብ (206) 684-3000 ይደዉሉ።

**ምኽሪ:-**
ኣብ ግዚኡ ናይ ተጠቓምነት ክፍሊት ዘይምኽፋል ካብ ገዛ ምውጻእ ከስዕብ ይኽእል እዩ።

**ምኽሪ:-**
ናይ መግቢ ተረፍን ዳግም ተመስራሕቲ ነገራትን ኣብ'ቲ ጎሓፍ ክኣትዉ ኣይፍቀድን እዩ። ኩሎም ህንጻታት ነዞም ነገራት ፍሉይ መትሓዚታት ክህልዎም ኣለዎ።



**ምኽሪ:-**
ላሕኹታት፡ ዝፈስስ ሽቓቕን ካልኦት ናይ ኣገልግሎት ጉዳያት ቀልጢፍኩም ንኣካራይ ከይሓበርኩም ምስ ትተርፉ እዚ ንዓኹም ንገለ ወይ ንኹሉ ናይ'ቲ ዋጋ ሓላፍነት ከሰክመኩም ይኽእል እዩ፡

**Puget Sound Energy**
Puget Sound Energy (PSE) ናይታ ከተማ ባህርያዊ ጋዝ ቀራቢ እዩ። ብስምኩም ሕሳብ ክትከፍቱ ትኽእሉ ኢኹም። PSE ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም ብዛዕባ ክፍሊት ዝሕግዙ መደባት ሓበሬታ ኣለዎም፣ ኣብ **www.pse.com** ተወከሱ ወይ ብ 1(888) 225-5773 ደውሉ።

## ናይ ማይ መብራህቲ ወዘተ ተጠቃምነት መኽፈሊ ወይ ወረቓቕቲ ሓለዋታት

ናይታ ከተማ *ናይ ሳልሳይ ወገን ሕሳብ ሕሳብ ድንጋገ (Third Party Billing Ordinance)* ኣብ መንበሪ ገዛ ንኣገልግሎት ማይ፣ ረሳሕ ፈሳሲ፣ ጎሓፍ፣ ወይ ናይ ኤሌክትሪክ ንሓደ ኣካራዪ ወይ ንሓደ ሕሳብ ዘኽፍል ኩባንያ ዝኽፍሉ፣ 3 ወይ ልዕሊኡ ክፍልታት ዘለዎም ህንጻታት ዝሓዙ ተኻረይቲ ይከላኸል። እቲ ዝድለ ናይ ክፍሊት ሓበሬታ እንተዘይረኺብካ ወይ ብዘይግቡእ ትኽፍል ዘለኻ እንተመሲሉካ፣ መጀመርታ ምስ ኣካራዪኻ ወይ ምስቲ ሕሳብ ዘኽፍል ትካል ክትዘራረብ ይግባእ።

ናይ ምጥሓሳት ጥርዓናት ናብ'ዚ ዝስዕብ እዮም ዝቀርቡ፡

**Office of the Hearing Examiner**
**Seattle Municipal Tower**
**700 5th Ave**
**Suite 4000**
**Seattle, WA 98104**




ነቲ ናይ መጋባእያ መርማሪ ብስልኪ ቁጽሪ (206) 684-0521 ወይ ብኢመይል **Hearing.Examiner@seattle.gov** ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ እቲ ሕጊ ኣብዚ ዝያዳ ተምሃሩ፡
**http://www.seattle.gov/Documents/Departments/HearingExaminer/ResidentialThirdPartyBillingQuestionsandAnswers.pdf**

## ናይ ተኻራይ ናይ ግልጋሎት ክፍሊት እንታይ ከጠቓልል ኣለዎ?

ኣብ ገለ ክራያት፡ ናይ ተጠቃምነት ናይ መስመር ማይ መብራህቲ ወዘተ ክፍሊት ቀጥታ ነቲ መስመር (ከም ማይ) ዘይኮነ ንኣካራይ ወይ ነታ ተኽፍል ትካል ትኸፍሉ ። ናይታ ከተማ *Third Party Billing Ordinance* ኣብ መንበሪ ገዛ ንኣገልግሎት ማይ፣ ረሳሕ ፈሳሲ፣ ጎሓፍ፣ ወይ ናይ ኤሌክትሪክ ንሓደ ኣካራዪ ወይ ንሓደ ሕሳብ ዘኽፍል ኩባንያ ዝኸፍሉ፣ 3 ወይ ልዕሊኡ ክፍልታት ዘለዎም ህንጻታት ዝሓዙ ተኻረይቲ ይከላኸል።

ናይ ተኻራይ ናይ ግልጋሎት ክፍሊት እንታይ ከጠቓልል ኣለዎ?

- ስም፣ ኣድራሻ ትካልን ቁጽሪ ቴለፎንን ናይ ኣካራይ ወይ ወኪል ክፍሊት ዝኾነ ሳልሳይ ኣካል፣ ካብ ሓዲኦም ነቲ ክፍሊት ናብ ተኻራይን ዝልኣኸ።
- መበገሲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ፍሉይ ክፍሊት፤ እንኮላይ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊትን ናይ ዝደንጎየ ክፍሊትን እንተሎ ኮይኑ ከም ናይ'ቲ ንብረት መስመር ከምኡ'ውን ጠቕላላ መጠን ናይ'ቲ ክፍሊት
- እንተድኣ እተን ክፍልታት ትሑት ዓቐን ሜትሮ ኣለወን ኮይኑ (ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ናታ ሜትሮ ኣለዋ)፣ ናይ ሕጂን ናይ ቅድምን ንባባት ሜተሮ፣ ናይ ሕጂ ናይ ንባብ ዕለትን ዝሃለኸ መጠንን
- መዓልቱ ዝኣኸለ፣ እቲ ክፍሊት መዓልቱ ዝሓለፈሉ ዝኾነሉ ዕለት ዝምልከት፣ መጠን ናይ ዝኾነ ዝዶንጎየ ክፍሊታት ወይ ተግባራዊ ዝኸውን መቕጻዕትታትን ከምኡ ድማ ዕለት ናይዞም ዝዶንጎዩ ክፍሊታት ወይ ክግበሩ ዝኽእሉ መቕጻዕትታት ዝኽፈለሉ
- ዝኾነ ናይ ዝሓለፈ ናይ ዶላር መጠናት
- ስም፣ ኣድራሻ ናይ ደብዳበ፣ ቁጽሪ ቴለፎን መሕተቲ ናይ ክፍሊትን ግርጭታትን፣ ናይ ስራሕ ሰዓታትን ዝረከቡሉ መዓልታትን ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ክፍሊት ዝተኣሳሰር ግጭት ንምፍታሕ ዝተጠቕሙሉ መስርሕ
- ንናይ ጥቕሚ ኣገልግሎታት ነንበይኖም ኣብ ምኽፋል፣ ኣካረይቲ እቲ ክፍሊት ብኸመይ ከምዝተቐመረ ከምኡ ድማ ንናይ ሓባር ቦታ ናይ ጥቕሚ ወጻኢታት ድማ ይካፈሉ ምኺኖም መብርሂ ክህቡ ኣለዎም፤ ንነበርቲ ድማ ኣብ'ቲ ናይ ክፍሊት ኣሰራርሓ ንዝግበሩ ለውጥታት ምሕባር፤ ንተኻረይቲ ዝውሃብ ናይ'ቲ ህንጻ ናይ ተጠቃምነት ክፍሊት ቅዳሕ ክገብሩ ኣለዎም



## ልሙዳት ኣብነታት ናይ ተጠቃምነት ክፍሊታት

ናትኩም ተጠቃምነት ዝኽፈለሉ መገዲ ኣብ'ቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ክበርህ ኣለዎ። ኣብ'ዚ ኣለዉ ገለ ልሙዳት ተኻረይቲ ተጠቃምነታት ዝኸፍሉሉ መገዲታት፡

### ምክራይ ናይ ሓንቲ ስድራ ገዛ ምስ ዘይኣተወ ሕሳባት ናይ ጋዝ፡ ኤለክትሪክን ማይን/ረሳሕ ፈሳሲ/ጎሓፍ።

**ኤለክትሪክ** ተኻረይቲ ብስሞም ክፍሊት ኣለዎም ከምኡ ድማ ነቲ ክፍሊት ቀጥታ ናብ SCL ይኸፍሉ

**ጋዝ** ተኻረይቲ ብስሞም ክፍሊት ኣለዎም ከምኡ ድማ ነቲ ክፍሊት ቀጥታ ናብ PSE ይኸፍሉ

**ማይ፡ ረሳሕ ፈሳሲ፡ ጉሓፍ** እቲ ክፍሊት በቲ ናይ ንብረት በዓል ቤት ስም እዩ ግን ናይቲ ክፍሊት ቅዳሕ ናብቲ ተከራይ ይለኣኽ እቲ ተከራይ ድማ እቲ ክፍሊት ን SPU ብቀጥታ ይከፍል





### እቲ ኣቕሓ ኣብ ናይ ኣፓርታማ ህንጻ ኮይኑ ምስ ተጠቃምነታት ኣብ'ቲ ክራይ ዘይኣተወ።

**ኤለክትሪክ** ተኻረይቲ እቲ ክፍሊት ብስሞም ኣለዎም ከምኡ ድማ ነቲ ክፍሊት ቀጥታ ናብ SCL ይኸፍሉ

**ማይ፡ ረሳሕ ፈሳሲ፡ ጉሓፍ** ሳልሳይ ወገን ኩባንያ ነቲ ኣብ ናይ ህንጻ SPU ሕሳብ ዘሎ ሓበሬታ ተጠቒሙ፣ ኣብቲ ህንጻ ብዝሒ ሰባት መሰረት ብምግባር ንኹለን ክፍልታት ናይቲ ህንጻ ከከም ብዝሒ ሰበን ጌሩ ይመቕሎ። እቲ ተኻራያይ ገለ ክፋል ናይ ክፍሊት ሕሳብ ንሳልሳይ ወገን ኩባንያ ይኸፍል።



# ኣብ እትካረይሉ ግዜ

ብመሰረት ናይ ክራይ ስምምዕኩም፣ ናይ ከተማ መምርሕታትን ናይ ግዝኣት ሕግን ንስኹምን ኣካራይኹምን መሰላትን ሓላፍነታትን ኣለኩም። ዝብዝሑ ካብኣቶም ፍሉጣት ነገራት እዮም፡ ከምኡ ድማ ኩሎም ኣካላት ብጽቡቕ ሃቐና ክጓዓዙ ይጠልብ። ብተወሳኺ፣ ሕጊ እታ ግዝኣት፣ ዋና ገዛኻ ካብ ክፍሊ ጥዕና ዝረኸቦ ሓበሬታ ብዛዕባ ስያሕ ወይ ሰበባን ድሕነት ባርዕን ሓበሬታ ክህበካ ይጠልብ። ዓበይቲ ናይ ብዙሓት ስድራቤት ህንጻታት ስእሊ ናይ ህጹጽ እዋን መውጽኢ መገዲታት ዘርኢ ክህልዎም ኣለዎ።

**ምኽሪ:-** ምስ ኣካራይኹም ናይ ስራሕ ዝምድና ከምዘለኩም ኣብ ግምት ኣእትዉ እዚ ከኣ ብተግባር ናይ ሓዴኹም ክልቴኹም ኣዚኹም ከምትጽለዉ ማለት እዩ። ነዞም ኣገደስቲ መምርሒታት ተኸተሉ።

- ኣገደስቲ ሰነዳትኩም ዓቅብዎም፣ እዚ ከኣ ከም ናይ ክራይ ስምምዕ፣ ናብቲ ገዛ ኽራይ ዝኣተኹሙሉ ዝርዝር መቆጻጸሪ ከምኡ ድማ ናይ ተኻራያይ መጽሓፍ ሓበሬታ

- ዝርርባት ንጹራትን ክብረት ዘለዎም ጌርኩም ሓዝዎም

- ኣገደስቲ ዝርርባት ብጽሑፍ ጌርኩም ሰንድዎም



# ናይ ኣካራይ ግቡኣት



- ነቲ ህንጻን ናቱ ቅርጻዊ ኣካላቱን ዓቅቡ
- ጽገናታት ኣብ ግዚኡ ግበሩ
- ናይ ሓባር ቦታታት ከም ኮሮድዮታት፡ ኣስካላታትን መገዲ ኣዳራሻትን ሓልዉ
- ባልዕ ተቘጻጸሩ
- ዝሰርሕ ናይ ትክን ካርቦንን መከታተሊ ግበሩ
- ውሑስ ናይ መእተዊ ሊኬቶታትን መፋትሕን ግበሩ
- ናይ ሓባር ጎሓፍ፡ መመስርሒን ናይ መግቢ ጎሓፍ መትሓዚታትን ግበሩ



# ናይ ተኻራይ ግቡኣት

- ክራይ ኣብ ግዚኡ ክፈሉ ከምኡ ድማ ንሕግታት ናይ ክራይ ውዕል ተኸተሉ
- ናይ ክራይ ክፍሊ ጽሩይን ንጹህን ጌርኩም ሓዝዎ
- ናይ ትክን ካርቦንን መከታተሊ ሓዙ
- ኣብ'ቲ ናይ ክራይ ገዛ ዘይሕጋዊ ወይ ሓደገኛ ንጥፈት ተኸላኸሉ
- ናይ ህዱእ ሰዓታት ሓልዉ
- ትቦታት፣ ናይ ኤለክትሪክን መውዓዪ ስርዓታት ብጉቡእ ኣስርሕዎም
- ጎሓፍ፡ ዝምስራሕን ናይ መግቢ ዝጉሓፍን ብጉቡእ ደርብይዎ

**ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ!**
ክራይ ገዛኻ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ክትከፍል እንተዘይክኢልካ፣ ኣካራዪኻ ኣማራጺ ኣገባብ ክፍሊት ከቕርብ ኣለዎ።

**ምኽሪ:-**
ቅብሊት ናይ ክራይ ክፍሊት ከምዝተውሃብኩም ዘክሩ፣ ምሰልኩም ድማ እዩ!

## ጽገናታት

ናይ ክራይ ውዕል ኣብ ናይ ህጹጽ እዋንን ኣብ ናይ ጽገና ጠለባትን ንመን ትረኽብዎ ክገልጽ ኣለዎ። ዘድሊ ጽገናታት ብቕልጡፍ ምሕባር ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ብሰንኪ ክትሕብር ዘይምከኣልካ፣ ብሰንኪ ምድንጓይ ጽገናታት ንዝበጽሖ ጉድኣት ብገንዘብ ተሓታቲ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

ናይቲ ግዝኣት ሕጊ ናይ ጽገና ሕቶ ብጽሑፍ ክቐርብ ይጠልብ። ናይ ጽገና ሕቶ ብሰነድ ምሓዝ ጽቡቕ ልምዲ እዩ ምኽንያቱ ነቲ ኣካራይ ክምልስ ስለዘገድዶ። ነቲ ጉዳይ ንምቅልጣፍ ዝሕግዝ እንተድኣ ኮይኑ ነቲ ኣካራይ ክትጽውዕዎ ትኽእሉ፡ ግን ከኣ ብተወሳኺ ናይ ጽሑፍ ሕቶ ከም ዘለኩም ኣረጋግጹ።

ኣካራይ ድማ ጽገና ክጅምር ይግብኦ እዩ፡ እዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ፡

- 24 ሰዓታት እንተድኣ ብዘይ ማይ፣ ኤለክትሪክ፣ ወይ ኣብ ግዜ ሓጋይ ብዘይ መውዓይ እንተድኣ ሃሊኹም ወይ እንተድኣ ናይ ሂወት/ድሕነት ጉዳይ ኣሎ ኮይኑ
- 72 ሰዓታት እንተድኣ መሳርሒታትኩም ዘይሰርሑ ኣልዮም ኮይኖም ወይ ድማ እንተደኣ ዓቢ ናይ ትቦ ጸገም ኣብ ባዞ ወይ ኣብ ቱቦ ናይ መሕጸቢ ሰብነት ኣለኩም ኮይኑ
- 10 መዓልታት ንዝኾነ ካልእ ናይ ጽገና ጠለብ

ኣካራይኹም እንተድኣ ዘይመሊሱ ወይ ኣድላዪ ምትዕርራይ ምግባር እንተድኣ ኣብዩ፣ ናብ ናይ ሓገዝ መስመር ብ (206) 684-5700 ክትውከሱ ትኽእሉ።

- ንህጹጽ እዋን ከም ኤለክትሪክ ወይ ማይ ምስዘይህሉ ተቖጻጸሪ ንናትኩም ገዛ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ወይ ዝቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ክምርምር ክፍትን ከምኡ ድማ ንኣካራይኹም ቀጥታ ክረኽቦ ክፍትን እዩ
- ንካልእ ጉዳያት፣ ሓደ መርማሪ ንናይ መንበሪ ገዛ ጥሕሰት ዝምልከት ገዛኩም ንምርኣይ ምሳኩም ቆጸራ ክገብር ክድውለልኩም እዩ፣ እዚ ከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ክሳብ ዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት እዩ ዝከዉን
- እቲ መርማሪ ካብኡ ነቲ ኣካራይ ጽገና ክገብር ዝእዝዝ ምልክታ ከዳሉ እዩ

ኣካራዩኻ ምላሽ ኣብ ዘይህበሉ ወይ ኣድላዪ ጽገናታት ኣብ ዘይገብረሉ እዋን ክራይ ምኽልካል ምኽኑይ ክመስል ይኽእል እዩ፣ ዝምከር ኣይኮነን። ዋላ'ኳ State's Residential Landlord Tenant Act (ሕጊ ተኻረይቲ መንበሪ ገዛውቲ ናይቲ ግዝኣት) ንተኻረይቲ ዝኸውን ጽገናን ምጉዳልን መፍትሒታት ዝገልጽ እንተኾነ፣ እቲ ኣካራዩ ስለዘይተኸፈለ ምብራር ክመርጽ ስለ ዝኽእል፣ ናይ ክራይ ትሕጃ ምሓዝ ኣዝዩ ፍሉይ መስርሕን ዓቢ ሓደጋን እዩ። ቅድሚ ዝኾነ ንመከላኸሊ ክራይካ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእል መሰላት ምጥቃምካ ናብ መስመር ናይ ሓገዝ (206) 684-5700 ብምድዋልን ካብ ጠበቓ ምኽሪ ብምርካብን ናብታ ከተማ ጥርዓን ኣቕርብ

# ምውሳኽ መናብርቲ



ኣባይቲ Seattle ክቡር ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ገዛ ኢልካ ክትጽውዖ እትኽእል ርትዓዊ ቦታ ምርካብ ድማ ናይ ብሓቂ ብድሆ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ገዛ ወጻኢታት ንምኽፋል ትሸገር እንተድኣ ኮይንካ ክሕግዘኩም ዝኽእል ሰብ ናብ ገዛኹም መናብርቲ ክትውስኹ ትኽእሉ።

ሓድሽ መናብርቲ ክትውስኹ ከለኹም ተጠንቀቑ፣ ምኽንያቱ እንተድኣ እቲ መደብ ጽቡቕ እንተዘይከይዱ ክተሓላለኽን ንምውጽኦም ድማ ኣሸጋርን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኩሉ ክራይ ዝኸፍል ሰብ ኣብ ውዕል ክራይ ይሃሉ ኣይሃሉ ብዘየገድስ መሰል ከም ዘለዎ ኣይትረስዕ።

ብተወሳኺ፣ ኣካራይኹም ንምሳኹም ተኻርዩ ዘሎ ከውጽኦ እንተድኣ ወሲኑ ገዛ ክራይኩም ንሓደጋ ክቃላዕ ይኽእል እዩ። መዳቕስቲ ከተምጽኡ ክትደልዩ ከለኹም ምስ ኣካራይኹም ምስራሕ ጽቡቕ ልምዲ እዩ።

ዝስዕቡ ክትውስኹ ትኽእሉ፡

- ናይ ቀጥታ ስድራ
- ሓደ ተወሳኺ ኣባል ስድራ ዘይኮነ መናብርቲ
- ናይ ቀጥታ ስድራ ናይ’ቲ ተወሳኺ መናብርቲ
- ካልእ ዝኾነ ኣካራይ ዝሰማማዓሉ መናብርቲ እዚ ከኣ ን
- ካብ ሕጋዊ ናይ ምሓዝ ገዛ ደረጃታት ዘይሓልፍ

**ናይ ቀረባ ስድራ ብሰፊሑ ነዚኦም ዘጠቓልል ኮይኑ እዩ ዝቱርጎም፡**

መጻምዲ፡ ናይ ገዛ ዓርኪ፡ ናይ ቅድም መጻምዲ፡ ናይ ቅድም ናይ ገዛ ዓርኪ፡ ብመርዓ ዝተኣሳሰሩ እኹላት ሰባት፡ ኣሕዋት፡ 16 ዓመትን ካብኡ ዝዓብዩ ሰባት ኮይኖም ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ብሓባር ዝነብሩ ዘለዉ ወይ ኣብ ዝሓለፈ ብሓደ ዝተቐመጡን ከምኡ’ውን ናይ ዕርክነት ዝምድና ዘለዎምን ከምኡ’ውን ናይ ወላድን ውሉድን ዝምድና ዘለዎም እንከላይ ወለዲ፡ ሰብኣይ ኣደ ወይ ሰይተ’ቦ፡ ኣባሓጎታትን ናይ ጡብ ወለድን፡ ሞግዚታትን ናበይቲ ወለዲ ወይ ናይ ትሕቲ ዕድመ ሰብ ሕድሪ።

ንዕላማ ናይ’ዚ ትርጉም “ናይ ምቁፃር ርክብ” ማለት ፍቕራዊ ዓይነት ማሕበራዊ ዝምድና ማለት እዩ። ህልውና ናይ ዕርክነት ዝምድና ንምውሳን ቤት ፍርዲ ኣብ ግምት ከእትዎም ዘለዎም ሮቛሒታት፡ (ሀ) እቲ ዝምድና ዝጸንሓሉ ንውሓት ናይ ግዜ (ለ) ጠባይ ናይ’ቲ ዝምድናን ከምኡ’ውን (ሐ) ኣብ ሞንጎ’ቶም ሰባት ዘሎ ብዝሒ ናይ ርክባት።

መናብርቲ ንምዉሳክ ክትክተልዎም ዘለውኹም ኣገደስቲ ስጉምትታትን ናይ ግዜ ሰለዳታትን ኣለዉ። ዝኾነ ሰብ ናብ ገዛኹም ምስ ኣእተኹም ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ንኣካራይኹም ብጽሑፍ ክትሕብርዎ ኣለኩም። ኣካራይኹም ነቲ ሓድሽ ኣባል ናይ ስድራ ብተመሳሳሊ ከም ናትኩም ናይ ፈለማ ናይ ክራይ መመልከቲ ዝተጠቀመሉ ናይ ምምማይ መለክዒ ጌሩ ክመምዮ ይኽእል።

- ኣባል ስድራ ቤት ዘይኮነ መናብርቲ (a) ክጻረ ይኽእል እዩ (b) ብናይ ምጽራይ መሰረት ብምግባር ምድፋር ክኽላእ ይኽእል
- ናይ ቀጥታ ስድራ (a) ክጻረ ይኽእልን (b) ምስፋር ክኽልኡ ኣይክእሉን። ናይ ምጽራይ ክፍሊት ድማ ምስ ትእዛዝ ናይ ውዕል ክራይ ሕጋጋት *Rental Agreement Regulation Ordinance* (SMC 7.24, ኣዋጅ ምቁጽጻር ስምምዕ ክራይ) ከምኡ'ውን ምስ ናይ ግዘኣት ናይ ኣካረይን-ተኻራይን ኣዋጅ ብዝቃዶ መሰረት ይፍቀዱ እዮም።
- ኣካራይ ኣባል ስድራ ንዘይኮነ መናብርቲ ኣብ ውሽጢ ናይ 30 መዓልታት ናይ ጽሑፍ ምልክታ ናብ'ቲ ናይ ክራይ ውዕል ክሓብር ክጠልብ ይኽእል።
- እንተድኣ እቲ መናብርቲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ'ቲ ናይ ክራይ ውዕል ዘይሓበረ፣ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ክወጹ ኣለዎም። (ጠቕላላ 45 መዓልታት)
- ናይ ቀጥታ ስድራ ኣብ ናይ ክራይ ውዕል ክኣትዉ ክሕተቱ ኣይክእሉን ከምኡ'ውን ምንባር ኣይክልኡን።

ነቲ ዝውሰኽ ዘሎ ኣባል ስድራ ብዘይካ ናይ ምመያ ክፍሊት፡ ካልእ ናይ መእተዊ ክፍሊት ኣይሕተትን። ኩሎም ናይ መጀመርታ ሓረግ ስምምዓት ናይ ውዕል ክራይ ከምዘለዉዎ ይጸንሑ።



# ካብ ወናኒ ገዛ ዝወሃበኩም ስምዕታት



ካብ ኣካራይኹም ክትቅበልዎም እትኽእሉ፡ ገሊኦም ዝያዳ ህጹጻት ካብ ካልኦት ዝኾኑ ብዙሓት ዓይነታት ስምዕታት ኣለው።

- ካብ ኣካራይ ዝውሃበኩም ዝኾነ ናይ ጽሑፍ ስምዕታ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስተውዕሉዎ ኢኹም ከምኡድማ ቀጥታ ኣቓልቦኹም ሃብዎ። ሽዑ ርኣይዎን ከምኡ ድማ ኣድላዪ እንተኾይኑ ቅልጡፍ ስጉምቲ ውሰዱ።
- ዝበዝሕ እዋን ስጉምቲ ዘድልዮም ስምዕታት ሓጺር ሞስኮት ግዜ ናይ ምፍጻም ይህቡ። ኣብ እዋኑ ዘይምምላስ ናብ ከቢድ ሳዕቤን ከም ምውጻእ ካብ ገዛ የምርሑ።
- ካብ ኣካራይኹም ዝውሃብኹም ምልክታታት ምስቲ ናይ ከተማ ድንጋገታት ክቃደው ኣለዎም።
- ናይ ተኻረይቲ መሰላት ዝጸልዉ ስምዕታት ንኣብነት ከም
  - ስምዕታታት ናይ ምቁራጽ፡ ደው ምባል፡ ምእዛዝን ወይ ምውጻእ
  - ናይ ገዛ ዋጋ ናይ ምውሳኽ ስምዕታ (ክራይ ወዘተ)
- ስምዕታታት ናይ ምእታው ነዚ ዝስዕብ ቃላት ክህልዎም ኣለዎ፡-

ነዚ ምልክታ ንምርዳእ ሓገዝ ወይ ብዛዕባ መሰላት ተኻራያይኩም ሓበሬታ እንተደሊኹም፣ ናብ መስመር ሓገዝ Renting in Seattle ብስልኪ (206) 684- 5700 ደውሉ ወይ ድማ ናብቲ መርበብ ሓበሬታ **www.seattle.gov/rentinginseattle ተወከሱ** ።

  - ንሓደ ክራይ ንምቁራጽ ዝፍትን ምልክታታት ከም ናይ 14 መዓልቲ ክፍሊት ወይ ምቁራጽ፣ ናይ 10 መዓልቲ ምኽባር ወይ ምቁራጽ ወዘተ ብተወሳኺ ነዚ ዝስዕብ ቋንቋ ከካትት ኣለዎ።

<u>መሰል ናይ ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ</u>፤ ሕጊ ናይ ከተማ ንጠበቓ ክኸፍሉ ዘይክእሉ ተኻረይቲ ኣብ ናይ ምስጓግ ክሲ ነጻ ሕጋዊ ውክልና ናይ ምርካብ መሰል ይህብ።



*SEATTLE MUNICIPAL CODE (SMC 7.24.034)*

# *ናይምልክታ ክፍሊታትን ዝደንጉዩ ክፍሊት ክራይን*

*ናብ፤ ኣብ ከተማ Seattle ዝርከቡ ተኻረይትን ኣካረይትን*

## ኣብ 6 ሰነ 2023 ዝወጸ ሓድሽ ሕግታት ንኹሎም ብዋና ገዛ ዝወጹ ምልክታታት

ምልክታ ንምድላው ዝኾነ ክፍሊት ኣይፍቀድን እዩ

ምልክታ ንምብጻሕ ዝኾነ ክፍሊት ኣይፍቀድን እዩ

ንዝደንጉዩ ዝኽፈል ክፍሊት ክራይ ኣብ ወርሒ ካብ $10 ክበዝሕ ኣይክእልን

*ብዛዕባ መሰላት ተኻራዩኹም ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናብ መስመር ሓገዝ Renting in Seattle ብስልኪ (206) 684-5700 ደውሉ ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ* ***www.seattle.gov/rentinginseattle*** *ተወከሱ።*

ካብ ሰነ፣ 2023 ጀሚሩ ዋና ገዛኻ ምልክታ ንምድላው ወይ ንምብጻሕ ክኽፍለካ ኣይክእልን እዩ፣ ደንጉዩ ዝኽፈል ክፍሊት ክራይ ድማ ኣብ ወርሒ ኣብ $10 ዝተሓጽረ እዩ።

ምልክታ ንምግምጋም ሓገዝ ምስ እትደልዩ ናብ መስመር ሓገዝ (206) 684-5700 ደውሉ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ናጻ ወይ ትሑት ዝዋግኡ ናይ ሕጊ ኣገልግሎታት ንስኹም ናብ 2-1-1 ደውሉ። ዝቕጽል ክፋል ብዛዕባ እቶም ዝበዝሑ ዓይነታት ምልክታታት ዝገልጽ እዩ።

## ምልክታ ናይ ምውሳኽ ዋጋ ናይ ገዛ ክራይ

“ናይ መንበሪ ገዛ ወፃኢታት” ንክራይ ከምኡ’ውን ዝኾነ ከም መኽዘን ወይ መዐሸጊ ዝበሉ ንኣካራይ ትኸፍልዎ ወርሓዊ ክፍሊታት የማልእ። ኣብ ተጠቃምነት ዝተሞርኮሱ ናይ ምጥቃም (ማይን መብራህትን..) ክፍሊታት ኣብ’ዚ ዓይነት ስምዕታ ኣይኣትዉን እዮም። ናይ ጥቕሚ ኣገልግሎታት ትኸፍል እንተኾንካ፣ ግን ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሕሳብ ኩባንያ ለውጢ እንተሃልዩ ንኣብነት፣ ኣካራዪኻ ንውዕል ክራይካ ንምቕያር ናይ 30 መዓልታት ምልክታ ክህበካ ይግደድ እንተኾይኑ።

እንተድኣ ናይ ውሱን ግዜ ናይ ክራይ ስምምዕ ሃልይኩም ኣካራይኹም ነዚ እዋን እዚ ናይ ገዛ ወፃኢታት ክልውጦ ኣይክእልን እዩ። ውዕል ክራይኩም እንተድኣ ኣብ መጨረሽታ ናይቲ ግዜ ከም ናይ ወርሒ ንወርሒ ተኻራይ ኮንኩም ክትጸንሑ ኣማራጺ ሂብኩም፡ ከምኡድማ ኣካራይኹም ኣብ’ዚ ግዜ ናይ መንበሪ ገዛ ወፃኢታትኩም ክውስኽሉ ደልዩ ኣካራይኹም እቲ ዉዕሊ ምዉድኡ ናይ ገዛ ወፃኢ ወሰክ ምልክታ ክሰደልኩም ኣለዎ።

- ኩሉ ወሰኽ ወጻኢታት ክራይ ኣባይቲ እንተወሓደ ናይ 180 መዓልታት ኣቐዲሙ ዝወሃብ ምልክታ የድሊ
- እቲ ምልክታ ዝድለ ቋንቋ ከጠቓልል ኣለዎ (ተመልከት ኣብ ገጽ 36) ብዛዕባ መሰላትን ሓበሬታን ተኻረይቲ
- እቲ ናይ ወሰኽ ምልክታ ቅኑዕ እንተኾይኑ ንምርኣይ ናብ ናይ ሓገዝ መስመር (206) 684-5700 ደውሉ። ነቲ ሓድሽ መጠን ክራይ ምኽፋል ነቲ ወሰኽ ከም እትሰማማዕ ዘመልክት ክኸውን ይኽእል።
- ወሰኽምስ ምጅማር ናይ ክራይ ግዜ ክጋጠም ኣለዎ። ንኣብነት፣ ክራይ ገዛኻ ኣብ ዕለት 1 ክኽፈል እንተኾይኑን ኣካራዪኻ ድማ ብ 5 ጥሪ ናይ 180 መዓልታት ምልክታ እንተሂቡካን፣ እቲ ወሰኽ ዝቐልጠፈ ግብራዊ ክኸውን ዝኽእል 1 ነሓሰ ይኸውን።
- እቲ ዝተኻረኻዮ ክፍሊ ነቲRental Registration and Inspection Ordinance (RRIO) ዘየማልእ እንተኾይኑ ዝኾነ *ወሰኽ ኣይፍቀድን እዩ።* **www.seattle.gov/rrio** ተመልከት። ቅድሚ እቲ ወሰኽ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ንዋና ገዛኻ ብጽሑፍ ከተፍልጥን ምስ መስመር ሓገዝ ርክብ ብምግባር ናይ መርመራ መደብ ክትገብርን ኣለካ።

## Economic Displacement Relocation Assistance ordinance (EDRA)

እቶት ዘለዎም ብቑዓት ተኻረይቲ ስድራቤታት (ዓመታዊ ዝስተኻኸል 80% AMI ወይ ትሕቲኡ) ወጻኢታት መንበሪ ኣባይቶም ኣብ ሓደ ዓመት ብ10% ወይ ልዕሊኡ ዝውስኽ፣ ንኽግዐዙ ናይ ምግዓዝ ሓገዝ ንምርካብ ብቑዓት እዮም።

| ስድራቤት | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 | 6 | 7 | 8 |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ኣታዊ | $70,650 | $80,750 | $90,850 | $109,000 | $117,050 | $125,150 | $133,200 | $125,800 |

- ዘመልክቱ ስድራቤታት ብጁላይ 1/2022 (ወይ ድሕሪኡ) ናይ ገዛ ወፃኢ ወሰክ ምልክታ ክህልዎም ኣለዎ።
- እቲ ናይ 10% ወሰክ ናይ ሓደ ግዜ ወሰክ ወይ ኣብ 12 ኣዋርሕ ዝትግበር ጥምረት ወሰክ ክከዉን ይክእል እዩ።
- ናብ ካሊእ ቦታ ናይ ምቅያር ሓገዝ ብግምት 3 ዕፅፊ ናይ ወርሓዊ ወፃኢ ገዛ ኮይኑ በቲ ከተማ ድማ ብቁዓት ንዝኮኑ ስድራ ቤታት እዩ ዝወሃብ።
- ብዝበለፀ ንምፍላጥ ወይ ን EDRA ንምምልካት ን www.seattle.gov/rentinginseattle/edra ብፅሑ ወይ ኢንተርኔት ናይ ምርካብ ዕድል እንድሕርዘይሃልይኩም ናብቲ ናይ ሓገዝ መስመር ደዉሉ።

## ስምዕታ ናይ ለውጢ ኣብ ሓረጋት ስምምዕ ናይ ውዕል ክራይ

ንዝተወሰነ ግዜ ውዕል ክራይ እንተፈሪምኩም፣ እዚ ድማ ክራይ ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ክልቴኹም ንስኻን ኣካራዪኹምን ብኻልእ መንገዲ እንተዘይተሰማሚዕኩም፣ እቲ ውዕል ክራይ ክሳብ ዝውዳእ ክቕየር ኣይክእልን እዩ። እንተድኣ ናይ ወርሒ ንወርሒ ናይ ክራይ ስምምዕ ኣለኩም ኮይኑ፡ ቅድሚ ሓድሽ ናይ ክራይ እዋን ምጅማሩ፡ ኣካራይ ነቲ ሓረጋት ስምምዕ ብናይ 30 መዓልታት ስምዕታ ክልውጦ ይኽእል።

ለውጥታት ድማ ገለ ንምጥቃስ ንሕግታት ናይ ምትካኽ፡ ኣጋይሽ ወይ እንስሳታት ከጠቓልል ይኽእል። ንናይ ገዛኹም ዋጋታት ዝውስኽ ዝኾነ ለውጢ ምስ'ቲ ምውሳኽ ናይ ገዛ ዋጋታት ናይ ስምዕታ ግዴታ ክሳነ ኣለዎ። ተመልከት ኣብ ገጽ። 38.



## ስምዕታ ውጥን ንምእታው

ውዕል ክራይኩም መሰል ናይ ምቁጽጻር ናይ ምእታው ናብ ገዛኹም ይህበኩም። እዚ ማለት ከኣ ኣካራይ ብዘይካ ኣብ ናይ ህጹጽ እዋን ኩነታት እንተዘይኮይኑ፡ ብዘይ ግቡእ ስምዕታ ክኣትዉ ኣይክእልን። እቲ ኣካራዪ ንጽገናታት፣ መርመራታት፣ ወይ ነቲ ክፍሊ ንዝኾነ ተኻረይቲ ወይ ኮንትራክተራት ንምርኣይ መእተዊ ክረክብ መሰል ኣለዎ። ኣካራይኹም ነዚ ክህበኩም የድልዮ፡

- ንዝተሰማምዑሉ ወይ ኣድላዪ ጽገናታት ወይ መርመራታት እንተወሓደ ናይ 2 መዓልታት ምልክታ (ብውሑዱ 48 ሰዓታት)
- ነቲ ክፍሊ ንምርኣይ እንተወሓደ ናይ 1 መዓልቲ ምልክታ (ብውሑዱ 24 ሰዓታት)

ናይ ምእታው ስምዕታታት ድማ ነዚ ዝስዕብ ከጠቓልሉ ኣለዎም፡

- ኣካራይ ክመጽኣሉ ዝደልዩ ዕለት
- ዝቐደመን ዝደሓረን ክመጽእሉ ዝኽእሉ ሰዓት
- ዳግማይ መደብ ክትገብር እንተድኣ ኣድልዩካ ክትድውለሉ እትኽእል ቁጽሪ ተሌፎን።

እንተድኣ እቲ ዕለትን ሰዓትን ዘይተሰማሚዕኩም ከምኡ ድማ ንኣካራይኹም ከተእትውዎ ንዘይምድላይኩም ቅቡል ምኽንያት ኣለኩም ኮይኑ፡ ንስኹም ዝጥዕም ዕለትን ሰዓትን ከተቕርቡ ኣለኩም። ቅኑዓት ምኽንያታት ኣብቲ እዋን ኣብ ገዛኻ ናይ ስድራቤት ኣጋጣሚ መደብ ስለ ዝገበርካ ወይ ኣብ ዝኣትወሉ እዋን ኣብኡ ክትህሉ ስለ እትደሊን ካብ ስራሕ ዕረፍቲ ንምውሳድ ዝያዳ ምልክታ ስለ ዘድልየካን ክኸውን ይኽእል።

ኣካራዪኻ ርትዓዊ መእተዊ ክትህብ እንተዘይክኢልካ፣ ኣካራይኻ ናይ 10 መዓልታት ክትእዝዝ ምልክታ ክህበካ ይኽእል እዩ።

**ምኽሪ:-**

እቲ ሕጊ ክልቲኦም ወገናት ርትዓውያን ንክኾኑን ብጽቡቕ ሕልና ንክሰርሑን ይጠልብ። ንስኻን ዋና ገዛኻን ንጹርን ኣኽብሮት ዘለዎን ርክብ ንኽህልወኩም ዝከኣለኩም ጻዕሪ ክትገብሩ ይግባእ። ናይ’ቲ ካልእ ሰብ ድሌታት ኣብ ግምት የእትዉ ከምኡ ድማ ብምኽንያት፡ ሰዓትን ብኣገባብን ናብ ገዛኹም ንምእታው ስምምዕ ርኸቡ። ትተሓባበሩ ከምዝነብርኩም ንምርኣይ ነቲ ዝርርባት ከምዝሰነድኩሞ ኣረጋግጹ።

ኣብ እዋን ህጹጽ እዋን፡ ኣካራይ ብዘይ ምልክታ ናብ ናይ ተኻራይ ክፍሊ ክኣትው ይኽእል እዩ። ኣብነታት ህጹጽ እዋን ድማ ነዚኦም የጠቓልል፡



- ዓቢ ዝኾነ ምፍሳስ ናይ ቱቦ
- ሓዊ
- ፖሊስ ጥዕናዊ ምፍታሽ ናይቲ ተኻራያይ (እዚ ድማ እቲ ኣካራዪ ሓለፍቲ ናብቲ ክፍሊ ክኣትዉ ክፈቅድ ዝጠልብ)

ኣብ እዋን ምሕዳግ፡ እንተድኣ ናይ ምእታው ስምዕታ ሂቦም ኮይኖም እሞ ድሕሪ ብዙሕ ፈተነታትን መልሲ እንተድኣ ዘይረኺቦምን ከምኡ ድማ ርትዓዊ ምሕዳግ ዘመልክት መርትዖ ኣሎ ኮይኑ፡ ኣካራይ ክኣቱ ይኽእል።

መርትዖ ናይ ምግዳፍ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ ወይ ዝያድኡ የጠቓልል፡

- ኣካራይ ናይ ክራይ ክፍሊት እንተድኣ ዘይተቐቢሉ
- መልእኽትኹም ኣይተቐበልዎን
- መስመራት ተጠቃምነት (ማይን መብራህትን ወዘተ) ስለዘይተኸፍሉ እንተዳኣ ተቛሪጾም ኮይኖም



## ስምዕታ ንምምእዛዝ ወይ ንምውጻእ (10 መዓልታት)

ናይ ክራይ ስምምዕ ምስ ጠሓስኩም፡ ኣካራይ ናይ 10 መዓልቲ ስምዕታ ክጥቀም እዩ። ኣብነታት ድማ ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልሉ ይኽእሉ፡



- ምትካኽ ሽጋራ ኣብ ዘይትከኾ ክፍሊ/ህንጻ
- እንስሳ ምሓዝ ዘይፍቀድ እንከሎ እንስሳ ምሓዝ
- ኣብ እዋን ህዱእ ሰዓታት ዓው ምባል

እቲ ስምዕታ ነቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ንምጥሓስ እንታይ ከምዝገበርኩምን ከምኡድማ ምስ'ቲ ስምዕታ ንምቅዳው እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩምን ብኑጹር ክገልጽ ኣለዎ። እቲ ናይ 10 መዓልታት ግዜ ናይ ምምእዛዝ ንቀዳመ-ሰንበት የጠቓልል።

- ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ናይ 10 መዓልታት ምልክታታት 3 ወይ ልዕሊኡ ንወርሓዊ ክራይ ንምቁራጽ ወይ ውዕል ክራይካ ንዘይምሕዳስ ርትዓዊ ምኽንያት እዩ።

## ስምዕታ ንክትከፍሉ ወይ ንክትወጹ (ናይ 14 መዓልታት)

እንተድኣ ናይ ምጥቃም ማይ መብራህቲ ክፍሊታት ወይ ዝጸንሐ ክፍሊታት ደንጊኹም፡ ሓደ ኣካራይ ናይ 14 መዓልታት ስምዕታ ክጥቀም እዩ። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ክፍሊታት ጥራይ እዮም ኣብ'ዚ ዓይነት ስምዕታ ዝፍቀዱ። እዚኦም ትእወድዎ ንክትከፍሉ ኣዝዩ ንእሽቶ መስኮት ናይ ግዜ የፍቅዱ።

- ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ንምኽፋል ዝክኣለኩም ዘበለ ክትገብሩ ኣለኩም።
- እንተድኣ ክራይኩም ኣብ ግዚኡ ክትከፍሉ ከምዘይትኽእሉ ገሚትኩም፡ ኣቐዲምኩም ንኣካራይኹም ከተፍልጥዎ ዝበለጸ እዩ። ዋና ገዛኻ ንሓደ ናይ ክፍሊት ውጥን ክሰማማዕ ይኽእል እዩ፣ እቲ ዝኸፍአ ክኸውን ዝኽእል ዋና ገዛኻ ኣይፋል ምስ ዝብል እዩ።
- ኣብ ምኽፋል ክራይ ገዛኻ ሓገዝ እንተደሊኻ፣ ዝርዝር ናይ ክራይ ሓገዝ ጸጋታት ንምርካብ ናብ 2-1-1 ደውል። ሓለፋታት ኣብ ገጽ። 42 ተመልከቱ። ካብ ሳልሳይ ወገን ገለ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትረክብ እንተኽኢልካ፣ ቁሩብ ተወሳኺ ግዜ እውን ክህበካ ይኽእል እዩ።
- ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ናይ 14 መዓልታት ምልክታታት 4 ወይ ልዕሊኡ ንወርሓዊ ክራይ ንምቁራጽ ወይ ውዕል ክራይካ ንዘይምሕዳስ ርትዓዊ ምኽንያት እዩ።

**ምኽሪ:-**

ኣብ ናይ ክራይ ስምምዕኩም ዘሎ ዕለተ ክራይ በጺሑ ከይከውን ኣስተብህሉ ኢኹም። ዝበዝሐ ግዜ ክራይ ኣብ መጀመርታ ናይ ወርሒ እዩ ግዚኡ። ኣብ ሳልሳይ ወይ ሓምሻይ መዓልቲ ዝደንጎዩ ክፍሊታት እንትግምገሙ ምርኣይ ልሙድ እዩ። እዚ ማለት ግን ናይ 'ጸጋ ወይ ምጽማም ግዜ' ትረኽቡ ማለት ኣይኮነን፡ እዚ ከኣ ገለ ተኻረይቲ ዝሕዝዎ ልሙድ ጉጉይ መረዳእታ እዩ። እዚ ማለት ክሳብ ሽዑ ናይ ዝደንጎየ ክፍሊት ክትኽፍሉ ክትግበሩ ኣይትኽእሉን ማለት እዩ። ንስኹም ናይ 14 መዓልቲ ስምዕታ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ናይ'ታ ዕለታ ዝኣኸለ ክራይ ክትውሃቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ደንጉኻ ምኻፋል ኣብ ገጽ 37 ተመልከት

## ረባሺ ብኽነት ወይ ገበናዊ ንጥፈት ንምቁራጽ ዝወሃብ ምልክታ (3 መዓልታት)

ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ኩነታት ኣካራይ ነዚ ናይ 3 መዓልቲ ስምዕታ ክጥቀም እዩ፡ እዚ ከኣ ከም ኣብ ንብረት ገበናዊ ንጥፈት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ወይ ኣብ ናይ ክራይ ንበረት ከቢድ ዕንወት ምስ ዝወርድን እዩ። ነዚ ስምዕታ'ዚ መድሃኒት የብሉን፡ እቲ እንኮ ክግበር ዘለዎ ድማ ወይ ምውጻእ እዩ ወይ ድማ ካብ ናይ ምልቃቕ ክሲ ንዓኹም ንምክልኻል ቀጥታ ጠበቓ ምሓዝ እዩ።

ኣካረይቲ ቅዳሕ ናይ ስምዕታታት ናይ ገበናዊ ንጥፈታት ናብ Seattle Department of Construction and Inspections (ክፍሊ ህንጻን ምቁጽጻርን Seattle) ናይ Seattle ክፍሊ ህንጻን ቁጽጽርን ክህቡ ኣለዎም። እዚ ዓይነት ስምዕታ ነቲ ኩነታት ግቡእ ከምዝኾነ ንጹር መርትዖ ክህሉ የድሊ።

## ስምዕታ ናይ ብርትዓዊ ጠንቂ ክራይ ንሙቁራጽ

ኣብ ሲያትል ኣካራዩ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ዝፀንሕ ናይ ክራይ ስምምዕ ንምቁራፅ ክጥቀመሎም ዝክእል ፍሉያት ምኽንያታት ኣለዉ እዮ። እቲ ዝድለ ናይ ምልክታ ግዜ ኣብቲ ፍሉይ ፍትሓዊ ምኽንያት ይምርኮስ።

እቲ *Just Cause Eviction Ordinance* ኣብ ክፍሊ ናይ 'ምብራር ካብ ገዛ' ተገሊጹ ኣሎ፣ ኣብ ገጽ 46።



## ናይ ምሻጥ ድልየት ምልክታ

ሓደ ክፍሊ እንተንኣሰ ብ 80% AMI (ማእከላይ ፅሟቅ ኣታዊ) ዝካረ ክልተ ወይ ልዕሊኡ ዝተካረዩ ክፍሊ ዘለዉዎም ወነንቲ ንብረት እቲ ህንፃ ቅድሚ ኣብ ሊስታ ምዉፅኦም ናይ ምሻጥ ድልየቶም እንተንኢሱ ቅድሚ 90 መዓልትታት ን Seattle Office of Housing (ናይ ሲያትል ቤት ፅሕፈት መንበሪ ገዛ) ከፍልጡ ኣለዎም።

እቲ ከተማ ምስ Seattle Housing Authority ን መቕረብቲ ማሕበረሰብን ብምትሕብባር ናይቲ ምልክታ ሓበሬታ ንብረታት ንምግምጋምን ዝተፈላለዩ ናይ ንብረት መፅንሒ መሳርሕታት፣ መበረታትዒን ዕደጋታትን ንምድላዉ ምጥቃም ይክእል እዩ።

እዙይ ከዓ በቲ መሸጣ ክጉድኡ ንዝክእሉ ተካረይቲ ምልክታ ይህብ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ **www.seattle.gov/housing/intent-to-sell** ተወከሱ።

## ናይ ክራይ ገዛ ሓገዝ ንምርካብ ዝግበር ጥርዓን

እንተድኣ ክራይ ኣብ ምኽፋል ደንጉኻ ኣለኻ ኮንይካ ከምኡ ድማ ናይ 14 መዓልቲ ምልክታ ንክትከፍ ወይ ክትወጽእ ተዋሂብካ፣ ኣካራይኹም ናይ ጽሑፍ ሓለፋ ናይ ምኽፋል ካብ ሳልሳይ ኣካል ክቕበል ኣለዎ። ሳልሳይ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ወይ ንመኸሰብ ዘይሰርሕ ትካል ክኸውን ይኽእል።

- እቲ ሓለፋ ብጽሑፍ ክኸውን ኣለዎ።
- እቲ ሓለፋ ቅድሚ እቲ ናይ 14 መዓልታት ምልክታምውድኡ ክበጽሕ ኣለዎ።
- እቲ ምንጪ ነቲ መብጽዓ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት ከምዝኸፍሎ ክውፈ ኣለዎ።
- እቲ ምንጪ ንዋና ገዛ ናይ ኽፍሊት ሓበሬታ ካብ ምሃብ ሓሊፉ ንኻልእ ነገር ክውዕል የብሉን
- እቲ ክፍሊት ብገዛእ ርእሱ ኣብ ኩሎም ዋጋታት ህሉዋት ክትኮኑ ከኽእለኩም እኹል ክኸውን ኣለዎ ወይ ምስ ካልኦት ምንጪታት ናይ ኣታዊ ወይ ድጎማታት ብምድማር

**ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ!**

ኣካረይቲ መብጽዓታት ናይ ሓገዝ ክቕበሉ ዝጠልብ ተወሰኽቲ ናይ ስተይት ሕግታት ኣለው፡ እዚ ከኣ ዋላ'ውን ድሕሪ እቲ ናይ 14 መዓልቲ ስምዕታ ምውድኡ ክሳብ'ቲ ብምልኡ ናይ ቤት ፍርዲ ናይ ምውጻእ መስርሕ እዩ። እዞም መከላኸሊታት በታ ከተማ ኣይፍጸሙን እዮም። (ን ዝተመሓየሸ ሕጊ ዋሽንግተን (Revised Code of Washington, RCW) 59.18.410 ርኣዩ)

## ምክልኻል ናይ ዘቤታዊ ጎነጽ ግዳይ

- ናይ ገዛ ዉሽጢ ጎንፂ ዘጋጥሞም ተኻረይቲ፡ በቲ ዝጉንጽ ዘሎ ሰብ ኣብ'ቲ ናይ ክራይ ገዛ ንዝወርድ ዕንወት ተሓተቲ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም።
- እቲ ተኻራያይ ንዋና ገዛ ንሳቶም ወይ ሓደ ተቐማጢ ግዳይ ዘቤታዊ ዓመጽ ከምዝነበረን እቲ ገበነኛ ነቲ ጉድኣት ከምዘውረዶን ሰነድ ከቕርብ ኣለዎ።
- እቲ ሰነዳት ብብቑዕ 3ይ ወገን ክፍሊ ፖሊስ Seattle፣ ፍቓድ ዘለዎም ሰብ ሞያ ጥዕና ኣእምሮ፣ ተጣበቕቲ መደብ ዘቤታዊ ዓመጽ፣ ኣቕሽሽቲ፣ ኣካየድቲ ጉዳያት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክፈርም ኣለዎ።



# ካብ ገዛ ምልቃቕ

ዝበዝሑ ናይ ክራይ ስምምዓት ክትወጹ ከለኹም ከመይ ጌርኩም ንዋና ገዛኹም ስምዕታ ትህብዎ ዝገልጹ እዮም። ወርሓዊ ተኻራያይ እንተኾንካ፣ እንተወሓደ ቅድሚ ምዝዛም እታ ክትወጸላ እትደሊያ ወርሒ 20 መዓልታት ንዋና ገዛኻ ብጽሑፍ ክትሕብር ኣለካ። ንኣብነት፡ እንተድኣ ክሳብ ሓምለ 31 ክትወጹ ደሊኹም፡ እቲ ዋና ገዛ ንናትኩም ስምዕታ ካብ ሓምለ 11 ዘይሓልፍ ክቕበሎ ኣለዎ።

እንተድኣ ግቡእ ስምዕታ ዘየቕረብኩም፡ ንስኹም ነታ ትመጽእ ወርሓዊ ናይ ክራይ እዋን ተሓተትቲ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።







እንተድኣ ኣካራይኹም ሃንደበት ዘይተጸበኹሞ ስምምዕ ክራይኩም ከተቋርጽዎ ስምዕታ ሂብኩም፡ቀልጢፍኩም ርኣይዎ። ኣብ Seattle ዝወሃብ ምልክታታት ምስ ሕግታት ናይታ ከተማ ክሰማማዕ ኣለዎ። ምልክታኹም ንምግምጋም ሓገዝ ንምርካብ ናብ መስመር ሓገዝ ብስልኪ (206) 684-5700 ደውሉ።

- ወርሓዊ ተኻራያይ እንተኾንካ ወይ ድማ ብገዛእ ርእሱ ናብ ወርሓዊ ስምምዕ ዝቕየር ውዕል ክራይ እንተሃልዩካ ዋና ገዛኻ ንኽራይ ገዛኻ ንምቁራጽ ርትዓዊ ምኽንያት ክህበካ ኣለዎ።
- ናይ ዘቛርጽ ውዕል ክራይ እንተሃልዩካ፣ ኣካራዪ ቅድሚ እቲ ዝወድኣሉ መዓልቲ ካብ 60-90 መዓልታት ርትዓዊ ውዕል ምሕዳስ ክገብር ወይ ንዘይምሕዳስ ርትዓዊ ምኽንያት ክህብ ኣለዎ።

**ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ**

ገዝኦም ዝካፈሉ ወይ ምስ ተኻረይቶም ኣብ ሓደ ንብረት ዝነብሩ ኣካረይቲ፣ ንወርሓዊ ክራይ ናይ 20 መዓልታት ምልክታ ብምሃብ ከቋርጽዎ ርትዓዊ ምኽንያት ኣለዎም፣ ውዕል ክራይ ምስ ኣኸለ ድማ ምሕዳስ ክኣብዩ ይኽእሉ።

## Just Cause Eviction Ordinance

ናይ ሲያትል *Just Cause Eviction Ordinance* ንተከራይቲ ብዘይምክንያት ምብራር ይከላከል። ኣካረይቲ ወርሓዊ ውዕል ክራይ ንምቁራጽ ወይ ውዕል ክራይ ምሕዳስ ንምእባይ ሕጋዊ ምኽንያት ወይ *ርትዓዊ ምኽንያት* ክህልዎም ኣለዎ። ኣካራዪኻ ብልሙድ *Notice to Terminate Tenancy (ክራይ ናይ ምቁራጽ ምልክታ)* ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ጽሑፍ ምልክታ ክህበካን ነቲ ፍሉይ ርትዓዊ ምኽንያት ክገልጽን ኣለዎ። መጠን ናይ ኣቀዲሙ ዝወሃብ ምልክታ ስምዕታ ኣብ'ቲ ፍሉይ ምክንያት ይሙርኮስ። ብኻልእ መገዲ እንተዘይተጠቒሱ፡ ቅድሚ እቲ ናይ ክራይ እዋን ብውሑዱ ናይ 20 መዓልታት ስምዕታ የድሊ። እዞም ዝስዕቡ ዋና ገዛኻ ነቲ ወርሒ ብወርሒ ዝግበር ናይ ክራይ ስምምዕ ከቋርጾ ዝኽእል እንኮ ርትዓዊ ምኽንያታት እዮም ።

- ዝዱንጊ ክፍሊት ክራይ፡ ንክትከፍሉ ወይ ክትለቁን ናይ 14 መዓልቲ ስምዕታ ይውሃበኩምን ንስኹም ድማ ነዚ ከይገበርኩሞ ምስትተርፉ።
- ኣብ እዋኑ ንምኽፋል ልሙድ ምዱንጓይ ምግባር። ኣብ ዝሓለፈ ናይ 12 ኣዋርሕ ግዜ 4 ወይ ልዕሊኡ ናይ 14 መዓልታት ንዝደንጎየ ክራይ ናይ ምኽፋል ወይ ናይ ምቁራጽ ምልክታታት ትቕበል።
- ምጥሓስ ናይ ክራይ ስምምዕኹም፤ እንተድኣ ንስኹም ምስ ሕግታት ናይ ክራይ ስምምዕ ንክትሳነዩ ወይ ክትወጹ ናይ 10 መዓልቲ ስምዕታ ተዋሂብኩም እሞ ከም'ዚ ምግባር ምስ ትቦኽሩ።

- ናይ ክራይ ስምምዕኩም ንምምላእ ዘሎ ልሙድ ጉድለት። ንስኹም ንሕግታት ናይ ክራይ ስምምዕኩም ከይተኸተልኩም ብምትራፍኩም፡ ኣብ ቀንዲ ቀረባ ናይ 12 ወርሒ እዋን ንምምእዛዝ ወይ ንምውጻእ ናይ 3 ወይ ዝያዳ ናይ 10 መዓልቲ ስምዕታ ተቐቢልኩም።

- ኣካራይኹም ወይ ናይ ቀጥታ ኣባል ስድርኦም ናብ ናትኩም ገዛ ክኣትዉ ይደሊ። እዚ ናይ 90 መዓልቲ ስምዕታ የድልዮ። ኣካራዪኻ ነዚ ፍትሓዊ ምኽንያት እንተተጠቒሙ ንክፍልኻ ንክሕዙ ወይ ንስኻ ክትወጽእ ክለኻ ብቑዕ ኣባል ስድራቤት ከተእትዉሉ ከምዘይሓሰቡን እንተጠርጢርካን ብከተማ መረጋገጺ ከምጽእ በታ ከተማ (ቃለ መሓላ ዘለዎ መግለጺ ክፈርም) ክሕተት ይኽእል።

- ኣካራይኹም ነቲ ንስኹም ዝተኻረኹሞ ገዛ ክሸጦ እንተደልዩ። እዚ ናይ 90 መዓልቲ ምልክታን ከምኡ ድማ እዚ ንናይ እስካቡሊ ዝኾኑ ስድራ መንበሪ ክፍልታት ይምልከት፣ እዚ ከኣ በቲ ናይ ከተማ ሕጊ ከም ዝተፈልየ ቅርጺ ኮይኑ ሓደ መንበሪ ክፍሊ ዝሓዘ ንዝኾነ ይምልከት። ንስኹም ኣብ ኮንዶ፡ ኣፓርታማ፡ ድርብ ኣፓርታማ፡ ሰሉስ ኣፓርታማ ወይ ናይ ከተማ ገዛ፡ ትነብሩ እንተኾንኩም፡ ዋና ገዛኩም ናይ ክራይ ስምምዕኩም ንምቁራጽ ነዚ ከም ርትዓዊ ጠንቂ ክጥቀመሉ ኣይክእልን።

- ናትኩም ምሓዝ ናይ ገዛ ከኣ ኣብ’ቲ ንብረት ክትሰርሑ ምቑጻርኩምን ከምኡ ድማ እቲ ስራሕ እንተድኣ ተቛሪጹን ይሙርኮስ። እዚ ብፍሉይ ነቶም ኣብ’ቲ ቦታ ስራሕ ዝነብሩ ኣመሓደርቲ ንብረት ይምልከት።

- ኣካራይኹም ክፋል ናይ ገዝኦም ወይ ምስ ገዝኦም ዝተለቀበ መንበሪ ናይ ገዛ የካርይኹም እንተ ነይሮም ከምኡ ድማ ንቐጻሊ ምሳኹም ክነብሩ እንተዘይደልዮምን።

- ኣካራይኹም ነቲ ንስኹም ትነብሩሉ ገዛ ወይ ነቲ ህንጻ ጠቕላላ ዳግማይ ክሕድስዎ እንተደልዮም እሞ ንዓኹም ንሓዋሩ ከልግስኹም እንተደልዮምን። እዚ ነቲ ኣካራዪ ንናይ ዳግማይ ናብ ካልእ ምስፋር ፍቓድ ወይ ላይሰንስ ናብ ከተማ ከመልክት የድልዮ፡ እዚ ከኣ ናይ ከባቢ 6 ወርሒ መስርሕ እዩ። ናይ ፍቓድ ወይ ላይሰንስ ግዴታ ድማ ንዓኹም ጥማር ሓበሬታ ምሃብን ከምኡ ድማ እንተድኣ ኣታዊኹም ኣብ ወይ ትሕቲ 50% ናይ ማእከላይ እቶት ናይ King County ኮይኑ ምኽፋል ንናይ ዳግማይ ናብ ካልእ ምስፋር ሓገዝን የጠቓልል።

- ኣካራይኹም ነቲ ንስኹም ትነብርሉ ገዛ ከፍርሶ ይደሊ ወይ ናብ ናይ ዘይመንበሪ መዓላ ከውዕሎ ምስ ዝደሊ። እዚ ተመሳሳሊ ከም ናይ ምግዓዝ ካብ ጠቕላላ ዳግመ ምስራሕ ፡ ናብ ካልእ ናይ ምግዓዝ ፍቓድ ወይ ላይሰንስ የድልዮ። ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ።

- ኣካራይኹም ንማዓላ ናይቲ ህንጻ ናብ ዘይመንበሪ ክልውጦ ደልዩ። እዚ ተመሳሳሊ ከም ናይ ምግዓዝ ካብ ጠቕላላ ዳግመ ምስራሕ ፡ ናብ ካልእ ናይ ምግዓዝ ፍቓድ ወይ ላይሰንስ የድልዮ። ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ።

- ኣካራይኹም ንናትኩም ገዛ ናብ ኮንዶ ወይ ናይ ሓባር ተራድኦ ክቕይሮ ይደሊ። እዞም ምቕያር ብመሰረት *Condominium Conversion Ordinance and Co-operative Conversion Ordinance* SMC 22.903.030 ን SMC 22.903.035 ን ናይ ገዛእ ርእሶም ኣገባብ የድልዮም።
- ኣካራይኹም ኣብ ዝተፈቕደ ተወሳኺ መንበሪ ገዛ ሓበሬታ ናይ ምጥሓስ ናይ ገዛ ደረጃታት ይቕበልን ንሱ ድማ ምክራይ ከቋርጽ ይደሊ። እቲ ኣካራዪ ቅድሚ ምውጻእካ ክልተ ሰሙን ናይ ምግዓዝ ሓገዝ $2000 ወይ ማዕረ ናይ 2 ወርሒ ክራይ ገዛ ክኸፍለካ ኣለዎ።
- ኣካራዪኻ ንዘተፈቐደሉ መንበሪ ክፍሊ፣ ብተለምዶ "ዘይሕጋዊ ክፍሊ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ፣ ናይ ምጥሓስ ምልክታ ይቕበል፣ ከምኡ ድማ ክፍልኻ ምክራይ ናይ ግድን ከቋርጽ ኣለዎ። እቲ ኣካራዪ ቅድሚ ምውጻእካ 2 ሰሙን ቅድሚ ምግዓዝካ ወይ $2,000 ወይ ማዕረ ናይ 2 ወርሒ ክራይ ገዛ ናይ ምግዓዝ ሓገዝ ክኸፍለካ ኣለዎ።
- ኣካራይኹም ምስ'ቲ ሕጋዊ ደረት ንምስምማዕ ኣብ'ቲ መንበሪ ገዛ ዘለዉ ቁጽሪ ተኻረይቲ ከጉድል ይግብኦ። እዚ ድማ ናይ 30 መዓልታት ምልክታን ክፍሊት ናይ ምግዓዝ ሓገዝን $2,000 ወይ ማዕረ ናይ 2 ወርሒ ክራይ ገዛ ቅድሚ 2 ሰሙን ቅድሚ ምግዓዝ የድሊ።
- ኣካራይኹም ብሰንኪ ሓደገኛ ኩነታት ብናይ ከተማ ክወጽእን ከምኡ ድማ ናትኩም ናይ ገዛ ክፍሊ ክዓጽዎን ናይ ህጹጽ ወይ ኢመርጀንሲ ትእዛዝ ይውሃቦ። እቲ ናይ ምልክታ ጠለብ ኣብቲ ናይ ህጹጽ ጉዳይ ፍሉይ ኩነታት ዝሙርኮስ፣ ኮይኑ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ኣዝዩ ሓጺር እዋን እዩ። እቲ ህጹጽ ኩነታት ናይቲ ኣካራዪ ሓላፍነት ኮይኑ እንተተረኺቡ ናይ ምግዓዝ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምግዓዝ ሓገዝ ምስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ናይ ናብራ ዋጋ እዩ ዝስተኻኸል።
- ኣካራዪኻ ኣብቲ ንብረት ኣብ ገበናዊ ንጥፈታት ብምውፋርካ ናይ *3 መዓልቲ ምልክታ ንኽትገድፎ* ይህበካ። ኣካራይኹም ኣብ'ቲ ስምዕታ ናይ ምቁራጽ፡ ነቲ ገበን ከምኡ ድማ ነቲ ጭብጥታት ከነጽሮ ይግባእን ከምኡ ድማ ነቲ ከተማ ቅዳሕ ክህብ ይግባእ።

**ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ!**

ናትኩም ናይ ርትዓዊ ጠንቂ መሰላት ክሕደጉ ኣይክእሉን እዮም።
ዝኾነ ከም'ዚ ክገብር ዝፍትን ናይ ክራይ ስምምዕ ዘይትግበር እዩ።

ሓደ ኣካራይ ኣብ ሓንቲ ናይ *Just Cause Eviction Ordinance* ናይ ክራይ ስምምዕ ደው ምባልን ከምኡ ድማ ብሙሉኡ ከይተኸተሎ ምስዝተርፍ፣ እዚ ምጥሓስ ትእዛዝ ናይ ርትዓዊ ጠንቂ ናይ ካብ ገዛ ምውጻእ እዩ፣ እዚ ማለት ከኣ ናብ'ቲ ገዛ ዘይምእታውን፡ ኣብ ናይ መሸጣ ሊስታ ዘይምውጻእን ወዘተ እዩ። ገንዘባዊ መቕጻዕትታት ክትግበሩ እዮም፣ ከምኡ ድማ ኣካረይቲ ኣብ ናይ ናኣሽቱ ናይ ይግብኣኒ ቤት ፍርዲ ናይ $2,000 ዶላር ካሕሳ ናይ ምኽሳስ መሰል ኣለዎም።

ንሓደ ክራይ ገዛ ንምቁራጽ ዝወሃብ ምልክታታት ፍሉይ ቋንቋ ከጠቓልል ኣለዎ (ገጽ። 36) ተመልከት ከምኡ'ውን ሓበሬታ። ምልክታ እንተመጺኡካ፣ ግቡእ ምልክታ እንተኾይኑ ንምፍላጥ ሓገዝ ንምርካብ ናብ መስመር ሓገዝ ብስልኪ (206) 684-5700 ተወከሱ።

# መከላከሊታት ካብ ገዛ ምዉፃእ

## ኣብ እዋን ክረምቲ ምዉፃእ

እቲ ናይ ሓጋይ ገዛ ክራይ ናይ ምቁራጽ መከላኸሊ ትእዛዛት፣ ኣብ Seattle ንዝርከቡ ተቓላዕቲ ተኻረይቲ ኣብ ዝሑል ኣዋርሕ ገዛ ዘይብሎም ካብ ምግባር ንምክልኻል ዝዓለመ እዩ። ኣብ መንጎ 1 ታሕሳስን 1 መጋቢትን ማእከላይ እቶት ዘለወን ስድራቤታት ብዘይካ እዞም ዝስዕቡ ኣብዚ መከላኸሊ ናይ ክራይ ገዛ ምቁራጽ ክምርኮሳ ይኽእላ እየን፤

- እቲ ኣካራይ ኣብ ከተማ Seattle ትሕቲ ኣርባዕተ ዝካረ ክፍልታት ይውንን።
- እቲ ዋና ወይ ናይ ቀጥታ ኣባል ስድራ ነቲ ናይ ክራይ ክፍሊ ክሕዝ ይደሊ
- እቲ ዋና ነቲ ዝካረ ክፍሊ ክሸጦ ይደሊ
- እታ ከተማ ዋና እቲ ክፍሊ ምክራይ ከቋርጽ ይጠልብ (ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት)። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ንተመዛበልቲ ተኻረይቲ ናይ ምግዓዝ ሓገዝ ይኽፈል
- ዋና ንገበናዊ ንጥፈታት፣ ረበሻ/ብኽነት ወይ ንጥዕናን ድሕንነትን ቀረባ ሓደጋ ምፍጣር ንምቁራጽ ናይ 3 መዓልቲ ምልክታ ኣውጺኡ ቅዳሕ ናብ ከተማ የቕርብ።

ብዛዕባ ክራይ ገዛ ወይ ናይ ምግዓዝ ሓገዝ እንተደሊኹም፣ ናብ 2-1-1 ደውሉ፡ ንሰፊሕ ዝርዝር መወከሲ ናብቶም ገንዘብን ካልእ ጸጋታትን ዘለዎም ትካላት።

## ኣብ ናይ ትምህርቲ ዓመት ምዉፃእ

ስድራቤትኩም ተምሃሮ (ካብ መዋእለ ህፃናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ)፣ መምህራን ወይ ትምህርታዊ ሓገዝቲ ሰራሕተኛታት እንተሃልይዎ ነዚ ኣብ እዋን ናይ ሲያትል ናይ ትምህርቲ ካላንደር ዓመት ካብ ምብራር ከም መከላከሊ ክትጥቀሙሉ ትክእሉ። ዝስዕቡ ፍሉያት ኩነታት ተፈፀምቲ እዮም፡

- እቲ ዋና ወይ ናቶም ናይ ቀረባ ኣባል ስድራ ነቲ ክራይ ክፍሊ ክሕዝ እንተደልዩ
- እቲ ዋና በቲ ከተማ እቲ ክፍሊ ምክራይ ንከቋርፆ እንተተደልዩ (ኣብ ሓደሓደ ኩነታት ዝተፈናቀሉ ተካረይቲ ናይ መዛወሪ ሓገዝ ይክፈሎም እዩ)
- እቲ ከተማ ነቲ በዓል ዋና ናይ ተካረይቲ ቁፅሪ ንክቅንስ እንተደሊዎ።
- እቲ በዓል ዋና ንተግባራት ወንጀል፣ ንሽግር/ጉሓፍ ወይ ዘይቀሪ ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ስግኣት ናይ 3 መዓልቲ ናይ ጠጠዉ ምባል ምልክታ እንተቅሪቡ።

## ምስ ኮቪድ-19 ዝተትሓሓዘ ናይ ኢኮኖሚ ሽግር

*ኣብ እዋን ህዝባዊ ህፁፅ ግዜ ዘጋጠም

## ካልኦት ናይ ምዉፃእ መከላከሊታት



ኣብቲ ሕጊ ከተማ ብፍላይ በቲ ኣካራዪ ሓደሓደ ሽግራት ምክንያት ተካራዪ ንብረቱ ከመዝግብ እንተዘይክኢሉ ወይ ርትዓዊ ምክንያት ምቁራፅ ከረጋግፅ እንተዘይክኢሉ ዝበሉ ኣብነታት።




## ዘይሕጋዊ መሕየሪ

ምውጻእ ወይ ዘይሕጋዊ ተሓዚ፡ ማለት ኣካራይ ንቤት-ፍርዲ ናይ ክራይ ገዛ ናይ ዋንነት መሰሉ ክምለሰሉ ክሓትት ከሎ ክኽተሎ ዘለዎ ሕጋዊ መስርሕ እዩ። ኣካራይ ብናይ ዘይሕጋዊ ተሓዚ መስርሕ ከይሓለፈ ንተኻራይ ከውጽእ ክፍትን ዘይሕጋዊ እዩ።  ከም ምቕያር መፋትሕ፡ ናይ ተኻራይ ንብረት ምልጋስ ወይ ምቁራጽ መሳርሒታት ዝበሉ ስጉምትታት ብጥብቂ ኩልኩላት እዮም።

ቅድሚ መስርሕ እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ምጅማሩ፡ ኣካራይ ስምዕታ ክህበኩም ይግባእ። እዚ ስምዕታ ናይ ክራይ ስምምዕኩም ብርትዓዊ ጠንቂ ደው ንምባል ክፍትን ይኽእል፡ ናይ ዝደንጎየ ክፍሊታት ክእክብ ወይ ንሕግታት ስምምዕ ናይ ክራይኩም ከተግብር ይኽእል። ዓይነታት ስምዕታታት ኣብ ገጽ 36 ተመልከቱ። ትክክለኛ ንዝኮነ ምልክታ እንተዘየክቢርኩም እቲ ኣካራዪ ብዘይሕጋዊ ናይ እሱር ቤት ክሲ ክቅፅል ይክእል እዩ እዙይ ከዓ እቲ ፍርዲ ቤት ናይቲ ክራይ ገዛ ትሕዝቶ ንበዓል ንብረት ንክምለስ ይጥይቅ።

እቲ ኣካራዪ ንኣኩም ንምዉፃእ እቲ ርትዓዊ ምክንያት ወይ ካሊእ ምክንያት ዘብራህርህ መፀዉዒን ጥርዓን ዝበሃል ናይ ፍርድ ቤት ሰነድ ንኣኩም ንምቅራብ ክፍትን ኣለዎ። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ገዛ ናይ ምዉጻእ ትእዛዝ ብተወሳኪ ሕጋዊ ወጻኢታት ይሓትት እዩ።

ቀጥታ መጸዋዕታን ጥርዓንን ምስ ተቐበልኩም ካብ ብቑዕ ጠበቓ ምኽሪ ምሕታትኩም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሰነድ፡ መልሲ ትህብሉ ደረት ግዜ ክሕዝ እዩ። በዚ ደረት ግዜ እንተድኣ መልሲ ዘይሂብኩም ብቀጥታ ክትወጽኡ ትክእሉ ኢኹም።

እቲ ከተማ ምስ Housing Justice Project (ፕሮጀክት ፍትሓዊ መንበሪ ገዛ) ብምትሕብባር ንዝኮነ ጠበቃ ምርካብ ንዘይክእል ካብ ገዛ ንዝባረሩ ተከራዪ ስድራቤት ናይ ምምካር መሰል ይህብ።

ናይ ምምካር መሰልኩም ንምርካብ ን HJP ብ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ መንገዲታት ምርካብ ይከኣል፡ ሕጋዊ ድጋፍ ንምጥያቅ ኣብ www.kcba.org ናይ ኦንላይን ቅጥዒ ምምላእ። መልእክቲ ንምግዳፍ ናብ (206) 580-0762 ደውሉ። ኢመይል፡ hjpstaff@kcba.org ኣብቲ መእተዊ ሕጋዊ ክሊኒክ M-F ምብጻሕ፣ ካብ ሰዓት 9 ንግሆ -12 ናይ ምሸት ኣብ ቤት ፍርዲ King County Courthouse ኣብ Seattle።

## ምምላስ ናይ ውሕስነት ትሕጃ

ክትወጽእ ከለኻ፣ ብዘይካ ምኽንያታዊ እርጋንን ምጭምዳድን፣ ነቲ ዝተኻረኻዮ ክፍሊ ናብቲ ክትካረዮ ከልኻ ዝነበሮ ኩነታት ክትመልሶ ኣለካ። ርትዓዊ ምእራግን ምብልሻውን ብተፈጥሮ ምስ ግዜ ኣብ ናይ ንቡር ኣጠቓቕማ የጋጥም። ኣብነታት ድማ ሕብሪ ምህሳስ፡ ኣብ ናይ ባይታ መሸፈኒ ምልክታት ምልሕጻጽ፡ ናይ ምንጻፍ ሕንጻጻት ምእራግ ወዘተ እዮም። ዕንወት፡ ብካልእ መገዲ ብሓፈሻ ሃንደበት የጋጥም ከምኡ ድማ ከም ውጺኢት ሸለልትነት፡ ግጉይ ኣጠቓቕማ፡ ወይ ብሓደጋ። ኣብነታት ድማ ኖኗላት ኣብ መንደቕ፡ ዝተሰብሩ ሞሳኹቲ ወይ ኣብ መንበሪ ባይታታት ዝነደደ ምልክታት።

ኣካራይኹም ነቲ ኣብ'ቲ ገዛ ዝወረደ ዕንወት ንምውሳን ነቲ ናይ መቆጻጸሪ ዝርዝር እዚ ከኣ ክልቴኹም ኣብ'ቲ ዝኣተኹሙሉ እዋን ዝፈረምኩሙሉ ክጥቀም ይግባእ። እቲ ኣካራዪ ምሳኻ ናይ መውጽኢ ክገብር ኣይግደድን'ዩ፣ እንተኾነ ግን ጠቓሚ'ዩ ኢልካ እንተሓሲብካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንጽሬት ሓዊስካ፣ ነቲ ዝመለስካሉ ኩነታት ንምስናድ፣ ስእሊ ናይ'ቲ ክፍሊ ምውሳድ ኩሉ ግዜ ጽቡቕ ሓሳብ'ዩ። እንተድኣ ክትኣትዉ ከለኹም ኣካራይ ናይ ጽሬት ኣኽፊሉኮም፡ ክትወጹ ከለኹም ኣይትኸፍሉን ኢኹም። እንተድኣ ናይ ፍሉያት መስመራት (መብራህትን፡ ማይን ወዘተ)ክፍሊት ትእወዱ ኮንኩም፡ ትሕጃኹም ነዚኦም ንምሽፋን ከገልግል እዩ።

1. ኣካራይኹም ካብ'ቲ ዝወጻእኩሙሉ ዕለት ትሕጃኹም ክመልሰልኩምን ከምኡ ድማ/ወይ ንዝኾነ ክፋል ናትኩም ትሕጃ ናይ ዝሓዘሉ መሰረት ዝገልጽ ጽሑፍ ክህበኩም 30 መዓልታት ኣለዎ። ዋንነት ናብ ዋና ከምዘረከብኩም ብንጹር ንምምልካት ንኩሎም መፋትሕ ከምዘረከብኩም ኣረጋግጹ።
2. እንተድኣ እቲ ኣካራይ ንናይ መጸገኒ ውከሳ ዝኸውን ተወሳኺ ግዜ ደልዩ ወይ ናይ መወዳእታ ናይ ተጠቃምነት መስመራት ክፍሊት ወረቀት ክበጽሖ ደልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት እዋን ክሕብርኹም ኣለዎም።
3. ኣካራይኹም ናይ ዕንወት ምቕናስ ስልሒት ክገብር ከሎ ናይ ዋጋ ምዉራድ ኣብ ግምት ከእትዎ ኣለዎ። ንኣብነት፡ እቲ ዕድመ፡ ኩነታትን ዝተረፈ ጠቃሚ ግዜ ናይ ምንጻፋት ባይታ፡ መሳርሒታት ወዘተ ኣብ ምግማት ዕንወት ኣብ ግምት ክኣትዉ ኣለዎም።
4. ተቀማጢ ገንዘብኩም ንክምለስ ንካራይኩም ትክክለኛ ዝኮነ ናይ ፖስታ ኣድራሻ ምሃብ ናትኩም ሓላፍነት እዩ። ከም'ዚ እንተዘይጌርኩም፡ ኣካራይኹም እታ ናይ መወዳእታ ናይ መልእኽቲ ኣድራሻ ክጥቀም ኣለዎ።



# ናይ መወዳእታ ሓሳባት

ገዛና ንዝህልወና ናይ ዉሕስነት ስምዒት ከምኡዉን ዓይነት ሂወት መሰረታዊት እያ። ሕግታትን ከምኡ'ውን ናይ ርትዓውያን ኣባይቲ ሕጊ ንውሑስን ጥዑይ ኣከባቢ መሰልኩም ንኽከላኸሉልኩም እዮም ዘለው፡ እዚ ከኣ ንስኹም ንህዱእ ምስትምቓር ናይ ቤትኩም መሰል ኣለኩም።

ምስ ኣካራይኹም ኣወንታዊ ናይ ንግዲ ዝመስል ርክብ ምህላው ንርግኣት ናይ ክራይ ስምምዕኩም ኣበርክቶ ኣለዎ። ሳሕቲ ግዜ ግርጭታት ክለዓል ከሎ፣ ሓበሬታ፣ መምርሒ፣ ዋላ'ውን ምትእትታው ክትደሊ ምኽንያት ክህልወካ ይኽእል እዩ። ኣብ Renting in Seattle መስመር ሓገዝ (206) 684-5700 ኣገዳሲ ምንጪ ናይ ሓገዝ ኣለኩም፡ እዚ ከኣ እንተድኣ ሓበሬታ ትደልዩ ኣለኹም ወይ ጥርዓን ከተቕርቡ እንተድኣ ዱሉዋት ኮንኩም እዩ።

እታ ከተማ ናይ ተኻራይ መሰላትኩም ክትጥቀሙ ትከላኸለልኩም። ኣካራዪኻ ምስ ካልኦት ኣብ ህንጻኻ ዘለዉ ተኻረይቲ ክትራኸብን ክትውድብን፡ ወረቓቕቲ ካብ ምዕዳል ወይ ኣኼባታት ካብ ምክያድ ክኽልክለካ ኣይክእልን እዩ። መሰል መንበሪ ገዛኻ ብምጥቃምካ ብዋና ገዛኻ ሕነ ምፍዳይ ብጥብቂ ክልኩል ኮይኑ፡ መቕጻዕቲ፡ መቕጻዕትን/ወይ መርመራን ከስዕብ ይኽእል።

ተስፋ ንገብር እዚ ናይ ተኻራይ መጽሓፍ ሓበሬታ ጠቓሚ መወከሲ መሳርሒ ክኸውን። ብዛዕባ መሰላትኩምን ሓላፍነታትኩምን ሓበሬታ ምህላው ንናይ ምክራይ ተሞክሮኹም ኣገዳሲ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሕጉስን ጥዕና ዘልዎ መንበሪ ገዛ ይግብኦ እዩ።



# ጸጋታት ተኻረይቲ

## 2-1-1

Clearinghouse ንኹለመዳያዊ ሓበሬታን ናብ ፋይናንሳዊ ሓገዝ፣ ሕጋዊ ሓገዝን ንጸጋታት ምጉስጓስ ኣባይትን ኣብ King County ምውካስን።

## Be: Seattle

ናይተኻረይቲ መዕለሚ ሓይሊ ባሕርን ናይ መሰረታዊ ተኻረይቲ ምውዳብን የቕርብ።
https: //beseattle.org
206-487-4060

## Housing Justice Project King County Bar Association (ፕሮጀክት ፍትሒ ኣባይቲ ማሕበር ጠበቓታት King County)

ዮካብ ገዛ ክራይ ምስጓግ ንዘጋጥሞም ትሑት እቶት ዘለዎም ተኻረይቲ ሕጋዊ ውክልና ይህብ።
516 Third Ave Suite W-314, Seattle, WA 98104
https: /housingjusticeproject.org
206-580-0762

## Interim Community Development Association (ግዝያዊ ማሕበር ምምዕባል ማሕበረሰብ)

ንትሑት እቶት ዘለዎም ኤስያውያን፣ ፓስፊክ-ደሴታውያን፣ ስደተኛታትን፣ ስደተኛታትን ማሕበረሰባት ምክልኻል ገዛ ኣልቦነትን ኣገልግሎት መንበሪ ኣባይትን ይህብ።
601 S King St, Seattle, WA 98104
https: //interimcda.org/
206-623-5132

## Queer Power Alliance

ንማሕበረሰብ LGBTQIA ፍትሓውን ማዕርነታውን ተበጻሕነት ኣባይቲ ምድንፋዕ። ናይ ተኻረይቲ ትምህርቲ ዓውደ መጽናዕትን ደገፍን ይህብ።
https: //queerpoweralliance.org/
1200 12th Ave S Suite 1101, Seattle, WA 98144
206-395-6658

## Solid Ground

ጽኑዕ ባይታ ብሓበሬታ፣ ምጉስጓስ፣ ምሕደራ ጉዳይን ውሱን ፋይናንሳዊ ደገፍን ሰባት ኣብ ህሉው ገዝኦም ንኽጸንሑ ይሰርሕ።
1501 N 45th Street, Seattle, WA 98103
https://www.solid-ground.org/
206-694-6700



## Somali Community Services of Seattle (ናይ ሶማላውያን ማሕበረሰባዊ ኣገልግሎት Seattle)

ናይንመኽሰብ ዝሰርሕ ትካል ትሑት እቶት ዘለዎም ስድራቤታትን ኣባላት ማሕበረሰብ ስደተኛታትን ሶማላውያን ስደተኛታትን ጽሬት ህይወት ንምምሕያሽ ይሰርሕ።
8810 Renton Ave S, Seattle, WA 98118
https://www.somcss.org/
206-760-1181



## Tenant Law Center Catholic Community Services ናይ ምዕራብ Washington

ንውሑድ እቶት ዘለዎም ተኻረይቲ ካብ ገዛ ክራይ ምስጓግ ዘጋጠሞም፣ ምቁራጽ ድኅማ ዘጋጥሞምን ርትዓዊ ሕቶ መንበሪ ዘድልዮምን ሕጋዊ ኣገልግሎት ይህብ።
100 23rd Ave S, Seattle, WA 98144
https://ccsww.org/get-help/specialized-services/tenant-law-center/
206-580-0762

## Tenants Union of Washington

ኣገልግሎት ምኽሪ ተኻረይቲ፣ ፖለቲካዊ ምጉስጓስን ሓገዝ ምውዳብ ተኻረይትን ይህብ።
5425 Rainier Ave S, Suite B, Seattle, WA 98118
https://tenantsunion.org/
206-723-0500

## United Indians of All Tribes Foundation (ዩናይትድ ኢንዲያንስ ኦፍ ኦል ትራይብስ ፋውንዴሽን) መደብ ምክልኻል ገዛ ዘይብሎም

ኣቕራቢ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ማእከል ማሕበረሰብ፣ ከምኡውን ባህላዊ ገዛ ንኣብ ከተማ ዝነብሩ ህንዳውያን።
5011 Bernie Whitebear Way, Seattle, WA 98199 (Discovery Park)
https://unitedindians.org
206 285 4425

## Villa Comunitaria

ንስደተኛታት ላቲንክስ ንኽስስኑን ክብልጽጉን ምእንቲ፡ ኣብ ዝተሓላለኸ ናይ ኢሚግሬሽን፡ ኣባይቲ፡ ጥዕና፡ ትምህርትን ሕግን ስርዓት ኣመሪካ ክጓዓዙ ይሕግዞም።
8201 10th Ave South, Suite 8, Seattle, WA 98108
https: //villacomunitaria.org
206-767-7445

## Washington Law Help

ነጻ ሕጋዊ ሓበሬታን ርእሰ-ሓገዝ ቤት ፍርዲ ቅጥዕታትን ብጠበቓታት ዝተጻሕፉ ኣብ መስርሕ ቤት ፍርዲ ካብ ገዛ ክራይ ናይ ምስጓግ ውሕስነት ምቕማጥን ክርክር ንምምራሕ
https: //washingtonlawhelp.org/

# ሓባሪ




## A

**Accessibilty 18**

## H

**Housing and Building Maintenance Code (ኣባይትን ናይ ህንጻ ጽገናን ሕጊ) 8**
**Housing Choice Voucher**
ኣድልዎ 11
Seattle Housing Authority 6
ሓለዋታት ምንጪ ኣታዊ 12

## P

**Puget Sound Energy 27**

## S

**Seattle City Light 26**
**Seattle Housing Authority**
ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎ መንበሪ ገዛ 6
እቲ ክፍሊ ገዛ ተመዝጊቡ ድዩ? 10
**Seattle Public Utilities 26**

## መ

**መመልከቲ**
Fair Chance Housing 12
First in Time 16
ንክትካረዩ ተዳለዉ 14
ትሕጃ ምሓዝ 18
መጠን እቶት ምስ ክራይ 17
ናይ ዝካረ ኣባይቲ ምውዕዋዕ 11
ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት 19
**መሰላት**
ተካራይ ምውዳብ 52
ናብ ኣማኻሪ ሕጊ 36
**መወዓውዒ 13**

## ም

**ምልክታ**
ስምዕታ ናይ ለውጢ ኣብ ሓረጋት ስምምዕ ናይ ውዕል ክራይ 38
ምክባር ወይ ምልቃቅ 40
ክፍሊት 36
ምውሳኽ ወፃኢታት መንበሪ ገዛ 37
ንምእታው ምህቃን 38
ክትሸይጥ ምህቓን 41
ምልክታ ክራይ ንሙቁራጽ 46
ምኽፋል ወይ ምልቃቅ 40, 42
ርስሓት ወይ ራብሻ ደው ምባል 41
ብርትዓዊ ምክንያት ክራይ ምቁራፅ 41
**ምምዕባለ**
**ምንጪ ኣታዊ 12**
**ምውሳኽ ወፃኢታት መንበሪ ገዛ 37, 38**
**ምጽራይ**
ምምላስ ትሕጃ 51
ናይ ምእታው ክፍሊታት 24
**ምፅራይ**
ኣብ ክፍልኻ ምሳኻ ዝነብሩ መሓዙት ምውሳኽ 34
ክፍሊታት 24

First in Time 16
ትሕጃ ምሓዝ 18
ጸብጻብ 11–14
**ምፍንቃል 38,47**

**ሳ**

**ሳልሳይ ወገን ምኽፋል ሕሳብ 27–28**

**ስ**

**ስንክልና**
Accessibilty 18
ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት 19
ምሕላው ምንጪ ኣታዊ 11–12

**ር**

**ርትዓዊ መንበሪታት**
Accessibility 18
ናይ ክራይ ገዛ መወዓውዒ 11
ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት 19

**ቀ**

**ቀለም ሊድ 9**
**ቅብሊት**
ንውሕስነት ተቐማጢ ገንዘብ ምሓዝ 18
ናይ ኣካራዪ/ተኻራያይ ግዴታታት 32
ናይ ክራይ ሓገዝ ሓለፋታት 43
ቁጠባዊ ምፍንቃል 37
ምውሳኽ 37
ክፍሊት 32
ቅብሊት 32
ትሕጃ 33

**በ**

**በብግዚኡ ዝኽፈል ክፍሊታት 25**

**ተ**

**ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎ መንበሪ ገዛ 6**
**ትሕጃ ምሓዝ 18**

**ነ**

**ነባርነት**
ኣብ ክፍልኻ ምሳኻ ዝነብሩ መሓዙት
ምውሳኽ 34–35
ዝተሓተ መዘኒታት 10

**ና**

**ናይ ሓባር ቦታታት 32**
**ናይ ምእታው ክፍሊታት**
ኣብ ክፍልኻ ምሳኻ ዝነብሩ መሓዙት
ምውሳኽ 34
በብግዚኡ ዝኽፈል ክፍሊታት 25
ደረታት 24
**ናይ ትኪ መከታተሊ መሳርሒታት**
ናይ ኣካራዪ/ተኻራያይ ግዴታታት 32
ዝተሓተ መዘኒታት 9
**ናይ ኣካራይ ግዴታታት 32**
**ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት 19**
**ናይ እንስሳ ዘቤት ቅሙጥ ትሕጃ 24–25**
**ናይ ካርቦን ሞኖኦክሳይድ ትኪ መከታተሊ መሳርሒታት**
ናይ ኣካራዪ/ተኻራያይ ግዴታታት 32
ዝተሓተ መዘኒታት 9
**ናይ ክራይ ምዝገባ**
ግዴታ 10
**ናይ ክራይ ስምምዕ**
First in Time 16
ትሕጃ ምሓዝ 18
ርትዓዊ ምኽንያት 46–49
ናይ ኣካራዪ/ተኻራያይ ግዴታታት 32–34
ምግዓዝ ናብ 21

ካብ ወናኒ ገዛ ዝወሃበኩም ስምዕታታት
37–41
ዓይነታት ናይ 23–24
ዘይሕጋዊ መሕየሪ 50
ናይ ተጠቃምነት ክፍሊት 26–27
**ናይ ዉሕስነት ትሕጃ**
ትሕጃ ምሓዝ 18
በብግዚኡ ዝኽፈል ክፍሊታት 25
ናይ ምእታው ክፍሊታት 24
ምምላስ 51
ናይ መእተዊ መቆጻጸሪ ዝርዝር 21

**ኣ**

**ኣሉታዊ ስጉምቲ 14**
**ኣስቤስቶስ 9**
**ኣታዊ ምስ Rent Ratio**
ቅማሬ 17
ሓለዋታት ምንጪ ኣታዊ 12
**እንስሳ ዘቤት 32**

**ካ**

**ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ**
ርትዓዊ ምክንያት ካብ ገዛ ክራይ
መስጎጊ 46–49
ካብ ትነብረሉ ገዛ ለቒቕካ ምውጻእ 44
ካብ ወናኒ ገዛ ዝወሃበኩም ስምዕታታት
37–41
ዓይነታት ስምምዓት ናይ ክራይ 23
**ካብ ገዛ ምውጻእ**
ርትዓዊ ምኽንያት 41, 46–49
ዘይሕጋዊ ምሕያር ካብ ክራይ ዝተሶጐ
50
ምክልኻል 49

**ክ**

**ክራይ - ኣብ ስምምዕ ናይ ክራይ ርአ**
**ክፍሊታት**
First in Time 16
ዝደንጎየ ክፍሊታት 28, 40
ምእታው ናብ ገዛ 24–25
ናይ ምልክታ ክፍሊት 37
**ክፍሊት 26–29**

**ዝ**

**ዝርዝር መረጋገፂ**
ምምላስ ትሕጃ 51
ምእታዉ 21
**ዝተሓተ መዘኒታት 8–9**

**ድ**

**ድሕረባይታ ምፍታሽ**
Fair Chance Housing 12
ናይ ምመያ ጸብጻብ 14, 24

**ገ**

**ገበናዊ ታሪኽ 12, 13**

**ጎ**

**ጎሓፍ**
ክፍሊት 26–29
ናይ ኣካራዪ/ተኻራያይ ግዴታታት 32

**ጽ**

**ጽገናታት**
ናይ ኣካራዪ/ተኻራያይ ግዴታታት 32
ስምዕታ ንምእታው 38

**ፍ**

**ፍትሓዊ መንበሪ ገዛ**
ኣድልዎ 11
ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት 19

# መተሓሳሰቢ

# መተሓሳሰቢ

ናይ ሓገዝ መስመር ስልኪ፦ (206) 684-5700
www.seattle.gov/rentinginseattle

